# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.2 ረቡዕ 3 መስከረም 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዝኽሪ መስከረም



ገጽ 3 ሃረርታን ረብሓን ኣመሪካ ኣብ ናጽነት ግሪንላንድ




ገጽ 4 ስማያዊ መግቢ ዝበለጸ ጥዕናን ዝሀብ መግቢ



ገጽ 5 ባሕቲ መስከረም፡ ብወግዒ ጥበብ



ገጽ 10 ኤፍሬም፡ ዓንዲ ምክልኻልን ምክፍፋልን ኤልፓ




# ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ፡ ብውዕዉዕ መንፈስ ተኻዪዱ

መበል 51 ዓመታዊ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ፡ "ማስመርናን ድርዐና" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 30 ነሓሰ ክሳብ 2 መስከረም ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ብውዕዉዕ መንፈስ ተኻዪዱ።

ኣቦ'ቲ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም ከም ናይ ክብሪ ዕድምቲ ዝተረኽበትሉ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣባላት ኤርትራዊ ማሕበረሰብ፡ ኣካየድቲ ኣካላት ሃገራውያን ውዱባት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን መሓዙት ኤርትራ ዝርከብዎም ኣሽሓት ዜጋታት ነበርቲ ምብራቓዊ ካናዳ ከምኡ'ውን ካብ ቦታ ዝጸንሓ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ኤርትራ ኣብ ካናዳ ወ/ሮ ኣማረሽ መብራህቱ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ፌስቲቫል ኣብ ምሕሳኩስ ሃገራዊ መንነት፡ ምድልዳል ሃገራዊ ጥምረትን ሓድነትን፡ ምውርራስ ባህልን ክብሪታትን፡



ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ፡ ከምኡ'ውን ቅኑዕ ምስሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንምንጽብራቕ ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ገሊጻ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ተስፋማርያም፡ ንተሳተፍቲ - ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፡ ኣገዳስነት ኤርትራዊ ጥምረት ንምዕዋት ሃገራዊ መደባት፡ ከምኡ'ውን ተራ ሰድራ-ቤታት ኣብ ምሕሳኩስ ብቑዓት ሃገራውያን መንእሰያት ዘተኮረ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካዪዳን ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበ ሕቶታት መሊሳን።

ኣብቲ ፌስቲቫል፡ ንኤርትራዊ ባህልን ሓድነትን ዝሕግዝ መደባት ልምዓትን ዝገልጽ ስእላዊ ምርኢት፡ ባህላዊ መግብን መስተን፡ ስነ-ጥበባዊ መደባት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ካልእን ዘጠቓልል መሰናድኦታት ቀሪቡ ነይሩ።

# ባረንቱ - ቤት-ትምህርቲ ቢሻ፡ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮኣ ሸሊማ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቢሻ፡ ኣብ ተመሃሮ ቅዱስ ቀንኢ ንምስራጽን ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምዕባይን ዝዓለመ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ኣባላት 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሸሊማ።

እቲ ብ30 ነሓሰ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ብምትሕብባር ኮሚቲ ወለድን ቤት-ትምህርትን ዝተወደበ ምዃኑ ዝሓበረ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ካሕሱ ፍቓደ፡ ንመምሃራን፡ ወለዲ፡ ኮሚቲ ወለድን ተመሃሮን "የቐንየልና" ኢሉ።

እቶም ተመሃሮ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ ኮይኖም፡ ሜዳልያን ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮሌጅ ትምህርቶም ዝሕግዞም ንዋትን ተሸሊሞም።

ኣቦመንበር ኮሚቲ ወለዲ ኣቶ ሓጎስ ገብረማርያም ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣብ ተመሃሮ ቅዱስ ቀንኢ ዝፈጥርን ናይ ተወዳደርነት መንፈስ ዘዕዝዝን ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ነቲ ዕላማ ተገንዚቦም ተወዳዲሮምን ንምዕባይ ዓጸፋ ክሰርሑን ብኹሉ መዳያዊ ኣበርታውያን ክኾኑን ተላብዩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ሓላፊ ስነ-ምምህርናዊ ኣገልግሎት መምህር ህብትዝጊ ግርማጽዮን ድማ፡ መንግስቲ ትምህርቲ ነዊሕን ሓያል ዓቕሊን ተወፋይነትን ዝሓትት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣመዝጊቦሞ ዝለዉ ውጽኢት ብምዕቃብ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሕዎ ክጽዕሩ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኩብሮን ጰላፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ኣብ ዝሃብዎ መዘዝሚ ቃል፡ ብቑዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምምሕያሽ ዝዋገር ጻዕሪ ኀኪ-ኀኪ ናይ'ቲ ንብሉጻት ንምትብባዕ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ብወህደት ክቕጽል ኣተሓሳሰብዎ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሞ፡ ኣበርታዊ መምህር ተስፋልደት ዘርእማርያም፡ ካብ 3.4 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ብገንዘብ ከምዝተባብዖ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።



# ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተሳተፉ ተመሃሮ፡ 68.8 ሚእታዊት ሓሊፎም




ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ካብ ዝተሳተፉ ኣስታት 70 ሽሕ ተመሃሮ፡ እቶም 68.8 ሚእታዊት ሓሊፎም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምዛናን ሃገራዊ መርመራን ኣቶ ሃብተ ኣስፍሃ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ 69,915 ተመሃሮ፡ 46.2 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 48,084 ናብ ዝቕጽል ደረጃ ከምዝሓለፉ ገሊጹ።

እቲ ውጽኢት ደሮ ናብ ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተላእከ ዝሓበረ ኣቶ ሃብተ፡ መጠን ምሕላፍ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ18.8 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘመዝገበ፡ ካብኦም ዝሓለፉ ድማ፡ 830 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,488 ተመሃሮ 90ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም ሓቢሩ።

መጠን ምሕላፍ ብመንጽር ዞባታት ክርኢ ከሎ፡ ዞባ ዓንሰባ 50.3 ሚእታዊት፡ ዞባ ደቡብ 72.3 ሚእታዊት፡ ዞባ ጋሽ-ባርካ 69.9 ሚእታዊት፡ ዞባ ማእከል 78.4 ሚእታዊት፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 58.1 ሚእታዊት፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 75 ሚእታዊት፡ ሰዑድያ 92.7 ሚእታዊት፡ ከሰላ - ሱዳን 100 ሚእታዊት፡ ሓይልታት ምክልኻል ድማ 71.3 ሚእታዊት ከምዝዀነ፡ ኣቶ ሃብተ ብዝወሃቦ ኣብርሁ።

ኣቶ ሃብተ ኣብ መወዳእታ፡ ዝኾነ ተመሃራይ ኣብ ኣወሃህባ ነጥቢ ቅሬታ ወይ ክበርሃሉ ዝደልዮ ምስ ዝህልዎ፡ ኣብ'ታ ዝመሃረላ ቤት-ትምህርቲ ሕቶ ከቕርብ ከምዝኽእል ሓቢሩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሃረርታን ረብሓን ኣመሪካ ኣብ ናጽነት ግሪንላንድ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዴንማርክ ኣብታ ሃገር ፈጻሚ ጉዳያት ኣመሪካ ዝኾነ ዝለዓለ ቈንስል ጸዊዑ፡ ኣመሪካ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ንኢተኣፈፎ ገስጋሳት ዝምልከት ተቓውሞ ገሊጹ ነይሩ። ዴንማርክ ነቲ ቈንስል ጸዊዓ ተቓውሞ ምግላጻ ነቲ ኩነታት ዝኸበደ ዝለዓለ ግምትን ተፈጢሩ ዘሎ ስግኣትን ዘመልክት ምኽንያት ጸብጻብት የረድኡ። ከም 'ዲፕሎማስያዊ ብዓጊ ካርድ' ዝቖጻር ከምዝተሰምዐ ዝገለጹ እውን ኣለው።

ኣብታ ኣዚያ ገዛፍ ደሴት ንዝነብሩ ኣስታት 57 ሽሕ ነበርቲ ካብ ኣመሪካ ክረኽብዎ ብዙሕ ዝኽእል ረብሓታት ዝገለጹ ሰባት ብምስጠር ክዕዱ ምጅማሮም ዴንማርክ ትሕብር። ብርእሰ ምምሕዳር ኣብ ትሕቲ ዴንማርክ ዝኾነት ካብ ደሴታት ዓለም ብዓቢዪ ቀዳማይ ደረጃ ንእትሕዝ ግሪንላንድ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ትራምፕ ናብ ሃገሩ ክጥቕልላ ከም ዝደሊ ደጋጊሙ ከፍልጥ ጸኒሑ እዩ።

ኣመሪካ፡ ንግሪንላንድ ብዕድጊ ክትወስዳ ካብ ዘይከኣለት፡ ብውግእ እውን ምስ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ከራጽማ ኣብ ዝኽእል ሃገር ምእንቲ ከይትኣቱ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ነታ ደሴት ክትውንን እንድሕር ኩይና ኣቐዲማ ነታ ደሴት ካብ ዴንማርክ ብምሉእ ናጽነት ክትፈልያ ኣለዋ።

ግሪንላንድ፡ ብዴንማርክ ኣቢላ ኣካል ኤውሮጳዊ ሕብረት እውን ስለ ዝኾነት፡ ኣመሪካ ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ምክሕሓብ ከይኣተወት ንግሪንላንድ ክትጥቕልል እንድሕር ኩይና እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ብዘይ ውግእ ብዘዋግዑ ዲፕሎማሲያዊ ማስርሕ እዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ግሪንላንዳውያን ናጽነት ክጠልቡ ምግስጓስ ሓደ ሜላ እዩ። ምንጭታት ዴንማርክ ከም ዝሕብርዎ ሰለስተ ስም ዘይተጠቕሰ ኣመሪካውያን ኣብታ ደሴት ዝርከብ ህዝቢ ክውድቡን ናይ ደገፍቲ ኣስማት ክምዝግቡን ምቕናዮም የረድኡ።

ኣመሪካ ነቲ ብዴንማርክ ዝተዋህበ ሓበሬታ ብዘይ ምንጻግ እውን ኣብቲ ዝተጠቕሰ ናይ ምውዳብ ተግባራት ተዋፊሮም ምህላዎም ከም ዝኣምኑ ዘረድእ ምኽንያት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ሙቲ ፍሪደሪክሰን ትገልጽ።

ትካላት ስለያ ኣመሪካ ናብታ ደሴት ኣትዮም ሓበሬታ ይቓርሙ ምህላዎም እውን ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ከቃልሓ ቀንየን ነይረን። ብመሰረት እቶም ምንጭታት፡ ኣመሪካ ተጠቃሚት ኣብ ግሪንላንድ ዝርከብ ባህርያዊ ሃብቲ ክትከውን እንድሕር ኩይና ነታ ደሴት ካብ ጽላል ዝኾነት ሃገር ወይ ኣህጉር ክትፈልያ ዘለዋ ድልየታት እተን ማዕከናት ዜና ከዘርግሓ ቀንየን። ናብታ ደሴት ኣትዮም ምንቅስቓስ ናጽነት ግሪንላንድ ዘለዓዕልን ዝገሃህርን ስምዒታት ከበግሱ ከም ዝጸንሑ ጸብጻባት የረድኡ። ዳይሬክተር 'ሃገራዊ ስለያ' ኣመሪካ፡ ነቲ ክዘርጋሕ ዝቐየ ወረታት፡ ብትሪ ከም እተቓወመቶ፡ ንምስጠር ጉዳይ ሃገር ኣሕሊፉ ዝሃበ ብሓላፍነት ከም ዝሕተትን ኣጠንቂቓ ኣላ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ኣብ ዴንማርክ ዝርከብ ልኡኽ ምስ ሰብ ስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ዴንማርክ ተራኺቡ ብዛዕባ ዝዘራረቦ ጉዳያት መብርሂ ሂቡ። እቲ ቆንሱል ምስ ሰብ ስልጣን ዴንማርክ ተራኺቡ ሃናጺ ዝርርባት ከም ዝተኻየደ፡ ኣመሪካ ምስ መንግስቲ ግሪንላንድን ዴንማርክን ድልዱል ዝምድና ከም ዘለዋን ህዝቢ ግሪንላንድ ብዛዕባ መጻኢኡ ናይ ምውሳን መሰል ከም ዘለዎን ገሊጹ። ብዛዕባ እቶም ናብ ግሪንላንድ ኣትዮም ከም ዝንቀሳቐሱ ዝተዋረሉ ግና እቲ ወግዓዊ ናይ መንግስቲ መግለጺ ኣየዘከረን። ምኽንያቱ ኸኣ "ውልቂ ዜጋታት ዝካየድዎ ውልቃዊ ተግባራት፡ መንግስቲ ክቆጻጸር" ስለ ዘይግባእ ብምባል እቲ መብርሂ ደምዲሙ።

ዶናልድ ትራምፕ ንግሪንላንድ ዓይኒ ዘውደቐላ ኣብቲ ቀዳማይ ናይ ስልጣን ዘመኑ 2016 መበል 45 ፕረዚደንት ኩይኑ ኣብ ዝተመርጸሉ ግዜ እዩ። መንግስቲ ዴንማርክ ነታ ደሴት ክትሸጠሉ ብዘይምኽኣላ ናብ ከተማ ኮፐንሃገን ሓሲብዎ ዝነበረ መገሻ ምስራዙ እውን ይዝከር። ኣብ ጥሪ 2025 መበል 47 ፕረዚደንት ኩይኑ ምስ ተመልሰ ግና ግሪንላንድ ኣካል ኣመሪካ ክትከውን "ግድን" ከምዝኾነ ክሕብር ጀሚሩ።




---

## ኤውሮጳውያን ልኡላዊ ዶባት ኣህጉራት ክኽበር ይጽውዑ

ግሪንላንድ ኣብ ጥቓ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ መንጎ ሰሜናዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክን ደብባዊ ባሕሪ ኣርክቲክን ዝተደኰነት ካብ ደሴታት ዓለም ዝዓበየት እያ። ኣብዚ ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂ ዝተዘርገሐሉ ዘበን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ብርቂ ዝተባህለ ብዙሕ ዓይነት ማዕድን ስለ ዝርከብ ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ እንድሕር ኣትያ ንኣመሪካ ካብ ጸግዕተኛ ካልኦት ሃገራት ከድሕና ይኽእል። ኣብ ዓለም ኣዝዮም ኣገደስቲ ካብ ዝበሃሉ 34 ማዕድናት እቶም 25 ኣብ ግሪንላንድ ከም ዝርከቡ ይፍለጥ። ኣዝዩ ብዙሕ ነዳዲን ጋዝን ዝሓዘ ግና ዘይተፋሕረ ዕቑር ሃብቲ ኣለዋ። ምምሕዳር ናይ'ታ ደሴት ግና ብኸላ ምድርን ማይን ኣየርን ብምፍራሕ ነዳድን ጋዝን ዝዕድና ትካላት ከይኣትዋ ፍቓድ ከልኪሉ ኣሎ።

ካብ ሰሜን ኣመሪካ መንጸር ኤውሮጳ ዘሎ ኣንፈት ካብ ግሪንላንድ ኣዝዩ ሓጺር ብምኳኑ ከበድቲ ሃገር ኣቋራጭ ኣጽዋራት ንምትኻል ዝጠቅም ስትራተጂያዊ ቦታ እዩ። ናይ ስለያ መሳርሒታት ብምትኻል ካብ ርሑቕ ዝውንጨፍ ናይ ተጻባኢ ኣጽዋር ካብ ግሪንላንድ ክትከታተሎ ዝኽእል ኣቀማምጣ እውን ኣለዋ። ኣመሪካ ብዕድጊ ክትረኽባ እንተዘይከኣለት፡ ነታ ሃገር 'ብናጽነት' ካብ ዴንማርክ ክትፈልያ እንተዘይከኣለት፡ ብሓይሊ ክትጐብጣ ዘለዋ ተኽእሎ ዝንዓቕ ኣይኮነን። ኣመሪካ ንግሪንላንድ ብሓይሊ እንድሕር ኀቢጣታ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዘለወን ኣብ ልዕሊ ድኹማት ጎረባብቲ ወራር ከካይዳ ዝኽልክለን ሕጊ ኣይክህሉን'ዩ።

ህዝቢ ግሪንላንድ ካብ ዴንማርክ ብረፈረንደም እንተተፈልየ እውን መብዛሕትኡ ናብ ኣመሪካ ክጽንበር ኣይደልን። ካብቲ 57 ሽሕ ህዝቢ እቲ ዝበዝሕ ኣስታት 90 ሚእታዊት ኢንዊት ዝተባህለ ኣብ ቁራሪ ምድሪ ዝነብር ዓሌት እዩ። ካብ ህዝቢ ብዘተወሰደ ገምጋም ካብ ነበርቲ ናይ'ታ ሃገር መብዛሕትኦም ካብ ዴንማርክ ክፍለዩን ናጻ ሃገር ክኾኑን እዮም ዝደልዩ። መብዛሕትኦም ግና ናብ ኣመሪካ ክጽንበሩ ኣይደልዩን። ኣመሪካውያን ክበዝሑ ከም ዘይደልዩ እዮም ዝገልጹ።

ካብ ዴንማርክ 'ናጻ' እንድሕር ወጺኦም ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት እውን ተፈልዮም ማለት ከም ዝኾነ ኣይስሕትዎምን። ካብ ዴንማርክ ናጻ እንድሕር ወጺኦም ኣብቲ ሰፊሕ ምድሪ ዝርከብ ውሑድ ህዝቢ 'ንምሕጋዘን' ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝብልዎ ነቲ ብወፍሪ ርእሰማል ዘይለምዐ ቦታ ንምምዕባልን ኣመሪካውያን ኣዝዮም ክዕጥዑ ይኽእሉ እዮም። ግሪንላንዳውያን ኣዝዮም ዝፈርሕዎ ብኸላ ኢንዱስትሪያዊ ጉሓፍ ዕደና ኸኣ ክቀላጠፍ እዩ።

ብኣንጻሩ መራሕቲ ሃገራት ኤውሮጳ ምስ ዴንማርክ ዘለዎም ምሕዝነት ከምዝሐይሉ ብተደጋጋሚ ክገልጹ ጸኒሖም እዮም። ብፍላይ ዶናልድ ትራምፕ፡ ግሪንላንድ ንምውናን ሓይሊ ከም ኣማራጺ ክኸውን ከም ዝኽእል ድሕሪ ምግላጹ፡ መንግስታት ኤውሮጳ ንዴንማርክ ከተባብዕ ጸኒሐን እየን። ልኡላዊ ዶባት ክይጥሓስ እውን የጠንቀቓ ኣለዋ። መራሕቲ ጀርመንን ፈረንሳን "ግሪንላንድ ኣካል ኤውሮጳ ከም ዝኾነትን ብዘኾነ ይኹን ወገን ክትድፈር ከምዘይደልያን" ይገልጻ ኣለዋ። ፕረዚደንት ፈረንሳ ማክሮን ኣብ ዝሓለፈ ቀንያት ናብ ግሪንላንድ ቀዲሚ ምጋሹ ግዝኣታዊ ሓድነት ኣውሮጳን ዴንማርክን ክኽበር ከም ዘለዎ ገሊጹ ነይሩ።

ግሪንላንድ ካብ ምእታው 1700ታት ኣትሒዙ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ መንግስቲ ዴንማርክ ክትመሓደር ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1979 ማሰል ርእሰ ምምሕዳር ተዋሂብዋ። ረፈረንደም ብምኽያድ ካብ ዴንማርክ ክትንጸል ከም እትኽእል እውን ኣብ 2009 ማሰል ተዋሂብዋ። ኣብታ ደሴት ዝርከብ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ናጽነት ዝድግፉ እኳ እንተኾኑ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብዘሎ ዓለም ለኻዊ ርክባትን ኣብ ኣገባብ ምሕደራታትን በበይኑ ርእይቶታት ኣለወን።

ህዝቢ ናይ'ታ ደሴት ካብ ዝሓለፈ ሓምሳታት ክሳዕ ሰብዓታት ኣብ ዝነበረ ግዜ ካብ ኣገዛዚኣ ዴንማርክ ብዙሕ በደል ስለ ዝወረዶ እናቐሃመ ዝድግፎ ቁስሊ ኣሎዎ። ኣብቲ እዋን ኣብ ልዕሊ ኣስታት ፍርቂ ፈረይቲ ኣዋልድ ብዓዲ ናይ ምምካን ሕክምና ተገይሩ ነይሩ። እተን ኣዋልድ ዓሌት ኢንዊት ናብ ሕክምና ይጽወዓ እሞ ብዘይፍላጥ ጥንሲ ዝዓግት ናውቲ ኣብ ወሸጢ ማህጸነን ምስ ተተኽለ ከይተሓበረን ንገዛአን ይምለሳ። እቲ በደል ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት እዩ ተፈሊጡ። ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ዴንማርክ ይቕረታ ሓቲቱ እዩ።

ህጻናት ኢንዊት እውን 'ሰልጠንቲ' ተባሂሎም ካብ ሕቝፊ ወለዲ ብዓዲ እናተወሰዱ ኣብ ዕጹዊ ኣሕዳሪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣድራሻኦምን ባህሎምን ቋንቋኦምን ክሳዕ ዘርስዑ ተሓዲሮም ጠፊኦም እዮም። እዚ ተዘክሮታት እዚ ግና ካብ ዴንማርክ ሃዲሞም ናብ ኣመሪካ ክሕቆፉ ኣይደፋፍኦምን። ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ደቀባት ዓሌታት ካብዚ ዝኸደ ግፍዒታት ከምእተፈጸሞም ዘይፈልጥ የለን።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ድሓን |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:15 | መደብ ማስከረም ምስ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ መኣዝን |
| 22:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ጸጋታት ባሕሪ

## ሰማያዊ መግቢ ዘበለጸ ጥዕና ዝሀብ መግቢ

ንጉሰ ክፍሉ

ሰማያዊ ቀጠብ ዝብሃል ኣብ ማያዊ ክፋል፡ ትሕተ ማያትን ጥምጥም ባሕርታትን ወቅያኖሳትን ዝፀዱ ኩሎም ቀጠባዊ ንጥፈታት ናይ ህይወታውን ዘይህይወታውን ጸጋታት ከም ስርሓት ዓሳ፡ ሕርሻ ማይ፡ ቱሪዝም፡ መጓዓዝያ ባሕሪ፡ ስርሓት መራኽብ ተተካኢ ጸዓት፡ ትሕተ ማይ ዕደና ነዳድን ጋዝን ንጥፈታት ወዘተ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ጸጥታ ባሕርን ካልእ ተመሳሰልቲ ንጥፈታትን ዝሓቁፍ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ሰማያዊ ቀጠብ ድማ፡ ዕቃበን ወነሰ ኣጠቃቕማን ባሕርያዊ ጸጋታት ማይ ንዘላቒ ልምዓት ምርግጋጽ ቀጠባውን ማሕበራውን ዕቤት እዩ።

ሰማያዊ መግቢ ኣካል ሰማያዊ ቀጠብ ኮይኑ፡ ንደቂ ሰብ ከም መግቢ ዘገልግሉ ከም እንስሳታት፡ ኣትክልትን ደቀቕቲ ህይወታውያንን ዘኣመሰሉ ዘጠቓልል ካብ ወሽጢ ማያት ዓለም ዝርከብ ጸጋ እዩ። ሰማያዊ መግቢ ብዓይነትን ብዝሕን ደፊላል ደኣ'ምበር፡ ሓፈሻዊ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ጥዕናን ዕቤት ቀጠብን ኣገዳሲ ተራ ይጻወት።

ሰማያዊ መግቢ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ጥዕናን ዘለዎ ኣበርክቶ ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ከምቲ ዝድለ ገና ግምት ዘይተዋህቦ ሃብታም ትሕዝቶ ናይ ሰማያዊ ቀጠብ እዩ። ሰማያዊ መግቢ ምስ ቀጠልያ መግቢ ክነጻጸር እንከሎ፡ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣብ ምንካይ ብከላን ዝተሓተ ጽልዋ ኣከባብን ስለ ዘለዎ፡ ኣገዳስነቱ ዝያዳ ልዑል ይገብሮ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ዓለም መዓልታዊ ሓደ ካብ ሰለስተ ሰባት ብዓጸቦ ይጥቃዕ፡ 690 ሚልዮን ኣብ ሓደጋ ጥሜት ይኣትው፡ ክልተ ቢልዮን ብሕብእ ጥሜት ማለት ስእነት ማዕድናት፡ ተመሳሰሊ ክልተ ቢልዮን ድማ ብኸረሻ ይጥቃዑ። ኣብ ምፍዋስን ምጉዳልን ናይዚ ጸገምዚ፡ ሰማያዊ መግቢ ዓቢ ግደን ተራን ኣለዎ።

ሰማያዊ መግቢ ኣዝዩ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘውንን ጥዑይ መግቢ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ምፍዋስ ሕጽረት መኣዛ ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ምሕላውን ምውሓስን ጥዕና ኣካላት፡ ኣብ ምክልኻል ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ሕማም ልቢ፡ ሽኮርያን ካንሰርን ፍቱን መድሃኒት እዩ። ብዘውሳኺ፡ ካርቦን ኣህሊኹ ብብዝሒ ኦክስጅን ስለ ዝህብ ካብ ብከላ ናጻ ዝኾነ ጽሩይ ኣከባቢ ኣብ ምፍጣር ዝለዓለ እጃም ይጻወት። ሰማያዊ መግቢ ብቑጥታ ከም መግቢ፡ ከም ገዝዚ ከም መድሃኒትን ዘገልግል ስሉሳዊ ረብሓ ዘለዎ ዝተረሰዐ ግን ዝበለጸ መግቢ እዩ። ሰማያዊ መግቢ ኣብ ሸሞንተ ሸቶታት ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣበርክቶ ብምህላው ድማ፡ ዝያዳ ዕዙዝ ዝገብሮ።

ሸቶ 1. ምውጋድ ጥሜት- 800 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም መነባብሮኡ ብቐጥታ ኣብ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳን ሕርሻ ባሕርን ዝተመርኮሰ እዩ። ጸጋታት ሰማያዊ መግቢ ብግቡእ እንተ ደኣ ተጠቒምናሎም፡ ኣታዊታት ብምዕባይትን እኹል መግቢ ብምሕፋስን ድኽነት ዝኣሊ ጥሜት ዘጥፍእ ዝተመሓየሸ መነባብሮን ዝርግሐ ማሕበራዊ ህይወትን ዘለዎ ሕብረተሰብ ይህሉ።

ሸቶ 2. ባዶ ጥሜት - ሰማያዊ መግቢ ዝበለጸ ትሕዝቶ መኣዛታትን ፕሮቲንን ኣብ ርእሲ ምህላዉ ዝሓሰረን ልዑል ብቕዓት ዘለዎን መግቢ ብምዃኑ፡ ኣብ ምንካይ ጥሜት ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። ልዕሊ 3.3 ቢልዮን ህዝቢ ዓለምን 50 ሚእታዊት ህዝቢ ደቡባዊ ንፍቀ ክበብን ብዝምጋም 20 ሚእታዊት ዝረኽብዎ ፕሮቲን ካብ ሰማያዊ መግቢ እዩ። ስለዚ ሰማያዊ መግቢ ኣብ ምጥፋእ ጥሜት ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ብዘይምዃኑ፡ ኣብ ብዙሓት ተረባሕቲ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ኣገዳሲ መግቢ እዩ።

ሸቶ 3. ጽቡቕ ዝተማልአ ጥዕና - ሰማያዊ መግቢ ሓደ ካብቶም ዝበለጹን ብጠዝሒ ዝርከቡን ባሕርያዊ መግቢታት እዩ። ብመንጽር ትሕዝቶኡ ክርአ እንከሎ፡ ንልዕሊ 3 ቢልዮን ህዝቢ ዓለም ምንጪ ዝበለጸ መኣዛ ኮይኑ ዘገልግል ጥዕና ዝሀብ መግቢ እዩ። ኣዝዮም ንጥዕና ኣገደስቲ ዝኾኑ ማዕድናትን ቫይታሚናትን ዘውንን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብዘውሳኺ ኦሚጋ-3 ዝብሃል ስብሒ ኣብ ካልእ መግብታት ብቐሊል ዘይትረኸቦ ኣብ ሰማያዊ መግቢ ጥራይ ዝርከብ ብሉጽን ፍሉይን ኣብ ምሕላውን ምክልኻልን ጥዕና ልዑል ተራ ይጻወት። ኦሚጋ -3 ሎሚ በቲ ዝሃበ ዋጋ ክብሃል ዝኽእል ብመልክዕ ከኒና ኣብ ፋርማሲታትን ሕክምናታትን ዓለም ተዘርጊሑ ዝሽየጥ ዘሎ ካብ ስብሒ ሰማያዊ መግቢ ዝተማስረሐ ብሉጽ መድሃኒት እዩ።

ሸቶ 5. ማዕርነት ጾታ- ኣብ ልምዳውን ንኣሽቱን ምግፋፍ ዓሳ ኣደታት ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ተሳትፎት ስራሕ ኣለወን። ንኣብነት ካብቲ 120 ሚልዮን ኣብ ምግፋፍን ድሕረ-ምህርቲ ስርሓት ዓሳን ዝጥፍ ህዝቢ፡ እቲ ኣስታት ፍርቂ ብደቂ ኣንስትዮ ይሰርሕ። ብዘውሳኺ ከባቢ 70 ሚእታዊት ንጥፈታት ስራሕ ሕርሻ ማይ ብደቂ ኣንስትዮ ይዕመም። ስለዚ በዚ መንጽር ክርአ እንከሎ፡ ሰማያዊ መግቢ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዘሐይል፡ ኣብ ምዕዛዝ ማዕርነት ጾታ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ።

ሸቶ 8. ጽፉፍ ስራሕን ቀጠባዊ ዕቤትን - ካብ 10-12 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም ቀጠብ ገዛ ንምዕባይን መነባብሮ ንምምሕያሽን ብቐጥታ ኣብ ሰማያዊ መግቢ ዝተመርኮሰ ስራሕ ይፈጥፍ። ብዘውሳኺ 90 ሚእታዊት ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ዝርከቡ ገፈፍቲ ዓሳን ሰራሕተኛታትን ፍርቂ ናይቲ ብዓለም ደረጃ ዝግፈፍ ምህርቲ ዓሳ ስለ ዘፍርዩ፡ ኣብ ምርግጋጽ ዓለማዊ ውሕስነት መግብን ኣብ ዕቤት ቀጠብን ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ይገብሩ።

ሸቶ 12. ውሕሉል ተጠቃምነት - ብዓለም ደረጃ ዝግፈፍ ምህርቲ ሰማያዊ መግቢ ኣስታት 35 ሚእታዊት ዓመታዊ ይጉሓፍ። ስለዚ ውሕሉል ተመጋብነት ሰማያዊ መግቢ ብቐለሉ ዝጉሓፍ ፍርያት ስለ ዘጉድል ኣብ ኣከባቢ ከወርድ ዝኽእል ሳዕቤን ብምውሓድ ውሕስነት መግቢ ንክረጋገጽን ተጠቃምነት ንኽዕዘዝን የኽእል።

ሸቶ 13. ክሊማዊ ስጉምቲ- ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ፍርያት ሰማያዊ መግቢ ብፍላይ ኣብ ትሮፒክስ ዝርከባ ሃገራት ብ40 ሚእታዊት ሃሲያ ከውርደሉ ከም ዝኽእል ይግመት። ይኹን'ምበር ንክሊማዊ ለውጢ ዝጻወር ምሕደራን ኣጠቃቕማን ብምኽያድ ክመጽእ ዝኽእል ሃሲያ ብምክልኻል ዓለም ብቐለሉ ብሰማያዊ መግቢ ክትምገብ ከም እትኽእል ይእመን።

ሸቶ 14. ህይወት ኣብ ትሕቲ ማይ - ማያት ዓለም ንቢልዮናት ህዝቢ ክምገብ ዝኽእል ሃብታም ጸጋታት ሰማያዊ መግቢ ይውንኑ። ጥዕና ዘለዎ ማያት ውቅያኖስን ባሕርን ሚዛን ክሊማ ስለ ዝሕሉ፡ ቅልጡፍ ዕቤት ዝዑብር ዘሎ ህዝቢ ዓለም ከቕልብ፡ ኣብ ዕቤት ቀጠብ ኣበርክቶ ክገብር፡ ኣከባቢ ብምክልኻል ድማ፡ ህላወ ህይወታውያን ከረጋግጽ ይኽእል።

ብሓፈሻ ሰማያዊ መግቢ እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ሓቅታት ሓቝፉ ይርከብ፦

1. ካብ እንስሳታት ዝርከብ ጠቕላላ ፕሮቲን እቲ 17 ሚእታዊት ካብ ሰማያዊ መግቢ ዝርከብ እዩ።

2. ምንጪ 84 ሚእታዊት ኣብ ዓለም ዘሎ ፕሮቲን ካብ ሰማያዊ መግቢ እዩ።

3. ኣብ ዓመት ካብ ሕርሻ ባሕሪ 264 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ይርከብ።

4. ኣብ 2018 ካብ ሰደድ ሰማያዊ መግቢ 164 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ተረኺቡ። በዚ ድማ ሰማያዊ መግቢ ብመሸጣ ሰደድ ኣብ ቀዳማይ ካብ ዝስርዑ ፍርያት ኮይኑ።

5. ካብ ሰማያዊ ቀጠብ ማለት ሰማያዊ መግቢ፡ መጎዓዝያን ቱሪዝምን ብሓፈሻ 24 ትሪልዮን ዶላር ኣታዊ ይርከብ።

6. ሰማያዊ መግቢ ንቑጻሮት 1000 መዓልታት ዕድመ ናይ ሓደ ህጻን ኣብ ምዕባይን ምህናጽን ብልሒ ሓንጎል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

7. ሰማያዊ መግቢ ሃብታም ትሕዝቶ ኦሚጋ-3 ስለ ዘለዎ ኣብ ምክልኻል ሕማማት ልብን ክረሻን ኣዝዩ ዕዙዝ ተራ ይጻወት።

8. ሓምሳ ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ዓለማዊ ፍርያት ሰማያዊ መግቢ ካብ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳ ይርከብ።

9. ሱሳ ሚእታዊት ዓለማዊ ፍርያት ሕርሻ ሰማያዊ መግቢ ካብ ጥዑም ማይ ይፈረ።

10. 800 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ብቐጥታ መግቡ ካብ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳን ሕርሻ ማይን ዝርከብ ሰማያዊ መግቢ ዝተመርኮሰ እዩ።

11. 60 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳን ሕርሻ ማይን ተዋፊሩ ይሰርሕ።

12. 80 ሚእታዊት ናይ ኩሎም ኣብዛ መሬት ዘለዉ ህይወታውያን ዝነብርዎ ማያት ዓለም፡ ካርቦን ተጠቒሞም ፍርቂ ናይዚ ኣብ ዓለም ዘሎ ኦክስጅን ይልግሱ።

13. ሓደ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰራሕተኛታት ሰማያዊ ቀጠብ ብፍላይ ሰራሕተኛታት ስርሓት ዓሳን ሕርሻ ማይን ደቂ ኣንስትዮ እየን።

14. ኣብ 2030 ፍርያት ሰማያዊ መግቢ ዓመታዊ ኣስታት 204 ሚልዮን ቶን ክበጽሕ ከም ዝኽእል ይግመት።

15. ኣብ 2030 ካብ ኣትክልትን ደቀቕቲ ፍጡራት ማይን ጽላት ሰማያዊ መግቢ ክርከብ ዝኽእል ኣታዊ 70 ሚልዮን ዶላር ከም ዝበጽሕ ይግምገም።

ብመንጽር ዘለዎ ልዑል ረብሓን ኣገዳስነትን ይኹን ምስ ቀጠልያ መግቢ ዘለዎ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰማያዊ መግቢ ኣብ ትንተና፡ ምይይጥ፡ መጽናዕቲ፡ ውሳኔታት፡ መፍትሒታትን ምቕራሕ ጸጋታትን ዝተረስዐ እዩ። ሰማያዊ ጸጋታት ከም ተራ ባሕርያዊ ጸጋታት ስለ ዝቖጸሩ፡ ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ ስትራተጅን ውሳኔታትን ኣብ ግምት ኣይኣትዉን።

ሰማያዊ መግቢ እምቱኽርናዕ ሃገራዊ ቀጠብን ዕቤትን ነጥቡ-መቐይሮ ጥዑይ መግቢ ንውሕስነት ጥዕና ሕብረተሰብ ስለ ዝኾነ፡ ሃገርን ህዝብን ክረብሓሉ፣ እዞም ዝስዕቡ ግድን ምስ ዝትግበሩ ጥራይ ምዃኑ ይእመን፦

1. ሕጽረት መግብን መኣዛን ንምጥፋእ፡ ምክልኻልን ምልማዕን ሰማያዊ መግቢ ቀዳምነት ተዋሂቡ ክስራሓሉ።

2. ምሕያል ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ፣ ምሕያል ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ቀጠብን ዓቢ ኣበርክቶ ስለ ዘለዎ፣ ምሕያሉ ቀዳማይ ኣማራጺ ምልማዕን ምዕባይን ፍርያት ሰማያዊ መግቢ እዩ።

3. ሰማያዊ መግቢ ኣብ ልቢ ወሰንቲ ኣካላት መንግስቲ ኣትዩ ኣድላዪ ደገፍን ኣቓልቦን ክረክብ ምግባር።



ፍርያት ሰማያዊ መግቢ






ሰማያዊ መግቢ ምንጪ ልዑል መኣዛን ምውጋድ ጥሜትን

**ብምትሕብባር ሃብቲ ባሕሪ**

# ባሕቲ መስከረም፡ ብወግዒ ጥበብ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ባሕቲ መስከረም ኣብ ህይወት ህዝቢ ኤርትራ፣ ሕልፍን ትርፍን ትርጉም ኣለዋ። ወትሩ ግዜ ብሓበን ከርዓትን ትዝከር። ኣብ ልቢ ሓፋሽ ህዝብና፡ እታ ብጽዕዳ ንቕሎ ጉዕዞ ሓሳብ እትልል ደምቕቲ ወርሒ እያ። ንኤርትራዊ ብህጥራን ተሰፋ ኣዕኩኹን ዘሞንጎደት ርእሲ ኩሉም ኣዋርሕና። "እምቢ ንመግዛእቲ" ብምባል ቀጽሪ ናብ ቃልሲ በርኻ ዝወፍሩ ሓርበኛታት ዘሰሰኑት ተፈታዊት ወርሒ። ስለ'ዚ ኢና ወትሩ ንዝምራ።

መስከረም ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ቅኒት ዘስመረት ፈላሚት ቃጭል ሰውራና እያ። ኣብ ጽጋብን ተሰፋ ዕንባባታትን ተወጢሓ፣ ንቕድሚት ዚጋለበትን ዘወንጨፈትን እምባ ጅግንነት ታሪኽና ብምኽናውን ተጠማዚት ይጉብራ። ንጨርባሕባሕን ጋህገልጠምን ሓጺነ መጺን መግዛእቲ ንምብታኽ፡ ቀሪጻ ዝተበገሰትን ዘጠገሰትን ሓብራት ጉያ ስብእኣትን ዕጥቅን ብምኻና። ኣብ ታሪኽና ፍሉይ ክብሪ ስለ ዘለዋ ኸኣ፡ ስማ እናሻዕ ይውላዕ - መስከረም።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዛ ነጋሪት ቃልሲ ታሪኽና ዝወቕዐት ወርሒ፡ ዓመት መጸ'ዩ ብድምቀትን ሓበንን ዝዝክራ። ናይ ሎሚ ዓመት ባሕቲ መስከረም'ውን ዝያዳ ሚዛን ንኽህልዋ ብባህላዊ መሰናድኣታት ብዙሕ ምድላዋት ተገይሩላስ ኣብ ዕለታ ብክብሪ ዝበለ መንፈስን መዓርግን ተዘኪራ እያ።



ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዛ ዕለት ኣብ ቤቱ፡ ትካላቱ፡ ኣብያተ ቤት ጽሕፈቱ፡ ጎደናታቱ. . . ሰንደቑ ብምንብልባል ብልዑል ሓበንን ከርዓትን እዩ ዝዘክራ። ምኽንያቱ ንድልያ ናጽነት ዝሓለፈ ከርተት፣ ተር ከም ዓተር ብዝኽሪ ሰኣሉ-ኣእምሮ ስለዝረኣየ። "እምቢ ኣይግዛእን" ብምባል፡ ብሓይሊ ቅልጽሙ ሻምብቆ ብረት ብምልዓል ዝበርከ ሕርይቲ መዓልቲ ብምኻና። ስለ'ዚ ሎሚ፡ ንታሪኹ ከም ማይ ኦኣሰስ ብኩርዓት ሕንፍፍ እናበለ ንሕሉፉ እንተጸወየ ይንእሶ እምበር ኣይዓብዮን እዩ። ታሪኽ ብታሪኹ 30 ዓመት ዝወሰደ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ።

ብሓፈሻ፡ ህዝቡና ንባሕቲ መስከረም፡ "መጺ'ኸለይ'ዶ ክጸበየኪ" ብዝስምዕ ቃና እናዘመረ፡ ኣብ ጉዙኡ ሸሻዩ ብምድላው ምስ ጥዑም ዕላልን ወግዒ ቡንን እዩ ብፍሰሃን ናጽነትን ክዝክራ ዝረኣ። ብዋዕኡ ድማ፡ ንኽብሪ እዛ በዓል ዝበቅዕ ሸሻይ ባህላዊ ትሕዝቶ መሰናደኣታት ብምድላው፡ ኣብ ጎደናታት ንድምቀትን ክብርትን ጥንዴራኡ ብምንብልባል ብኩርዓት ሰቒሉ የብዕሉ።





ምኽንያቱ መስከረም ዝወለደቶ ጉዕዞ ድልያ ሓርነት፡ ኣብ ኣካል ነፍሲ-ወከፍ ገዛ ዘሎ በሰላ መግዛእቲ እኹል ምስክር እዩ። መስከረም ወጻዒ ህዝብና ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምቕታል ከም መጻዒን ጥቕልል ኣቢላ ጉዕዞ ሰቓይና ንምሕጻር ሓሪና ዝተበገሰት ወርሒ እያ።

ሰውራና፡ ከውታ ዓሻ መግዛእቲ ንምቕታል ሓያል ጉዕዞ ዝሓተተ ቃልሲ ሰላማዊ ህዝቢ እዩ። እቲ ቃልሲ፡ ንሰለ ህላወ ህዝብን ሃገርን ዝተኻየደ መሪርን ተሪርን ዘይዕጸፍን ጉዕዞ እዩ።

ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ትርግታ ልቢ ህዝብና ዝትንኽፍ መሪር ዝኽርታት ኣለዎ። ኣብ'ቲ ቃልሲ ዝሓምበሱ ጀጋኑ ትማልን ሎሚን እንተዘሕተቱ ኣብ ውሽጦም ፍሉይ ዝኽሪ ጉዕዞ ጥምጥም ኣለምም። ብዘይካ ብዝኽራዊ ስምዒትን ሽኩሽኳን ብምልዮት ንድሕሪት ምምላብ ዘፍርይዎ ዋራት ኣይምሃለወን። ኣብ ሕልኮ ወግዒ ጦብላሕታ ዝኽሪ ተደመሮ ዝኽሪ ምኹኑ።

ዝ. ናይ ሎሚ፡ ኣርእስቲ ዝኽሪ ጥበብ ምስ ኣልዓልኩሉ፡ ናይ ቅድሚ 7 ዓመታት ሓደ ነገር ዘኪረ። መመረቕታ መጽሓፍ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ። እዛ ንትርጉምን ርዝነትን ጉዕዞ ነዊሕ ቃልስን ንናጽነትን እትገልጽ መጽሓፍ፡ ደራሲ፡ ተጋዳላይን ጋዜጠኛን ሃይለስላሴ ወልዱ፣ ንመጽናዕቱ ከሀዝዙ ኩበል ልዕሊ 35 ዓመታት ከም ዝወሰደትሉ'ዩ ኣብ ዕለተ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ሓቢሩና። እዚ ዘረድኣና፡ ታሪኽ ንኽጽሓፍ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምኻኑ እዩ። እዛ መጽሓፍ ኣብ ልክዕ ዕለታ'ያ ብ1 መስከረም 2018 ተመረቓ። ስለዚ'የ ድማ ብዘዕባ'ቲ ሕፍኒ ዘይተጻሕፈ ነዊሕን ከቢድን ታሪኽና ንጻዕሪ ደራስን እዛ ዕለትን ዘኪረ ኣብ ሰእሊታ ዝዞረብ ዘለኹ።

ንዘኽርን ክብርን ናይ'ዛ ታሪኻዊት ፈላሚት ዕጥቃዊ ቃልስና ዝኾኑት ዕለትን ወርሒ መስከረምን ከም'ኡ'ውን ንወዲ ዓዋተን ዕጥቃዊ ቃልስናን ተባሂሉም ብርክት ዝበሉ፣ ጻዕሪ ዝሓለፎም ዝተፈላለዩ ዕዮ ስነ-ጥበብ ቡብእዋኑ ቀሪቦም እዮም። ስለ ዝኾነ'ዩ መስለኒ እቲ ብታሪኻዊ ደርፍታት ምድራፍ ዝልለ ጉዳም በሃር ደምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ ንተዘክሮ ዓዋተ፡ በቲ ዘይቅዳር ጣዕመ ቅኒት ጎረሮኡን ብኽራሩን ገይሩ፤

*ጥንዴራይ ተተኺላ'ላ ኣብ ጎላጉለይ*
*ኣጆኹም ዘይትብሉለይ።*
*ገረብ'ያ ሊይቶ ገረብ'ያ ሊይቶ*
*ትወላዕ ጥይቶ።*
*ኣቡ ካምሳ - ኣቡ ካምሳ*
*ንሳ'ያ ንሳ ቅድም ተኩሳ*
*ሴማኛፍ ድማ*
*ዝኾሲማ*
*ዘየስሕት ድማ፡*
*ኣቡዓሽራ ኣቡዓሽራ*
*ናይ ወዲ ዓዋተ መራሒ ሰውራ*
*ናይ ወዲ ዓዋተ ኣቦ ናይ ሰውራ።*

ኩበል ኣብ መመረቕታ መጽሓፍ ወዲ-ዓዋተ ብኣካል ክደርፍ ዝረኣኹዎ። በሃር ደምጻዊ በረኸት መንግስተኣብ ከምዚ ኩበል እንክሎ፡ ንኣድናቖትን ተበግሶን ወዲ ዓዋተ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ብዋዕኡ ድማ ንሓይልን ኣድናቖትን ህዝቢ ኤርትራ ደገፉ ኣብ'ቲ ዝተወለዐ ኣብዮቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ምኻኑ'ውን ኣይንጠራጠርን።

ወትሩ፡ ባሕቲ መስከረም ኣብ ትመጽኣሉ ህሞት፡ ካብ ኩቡሒ ኣእምሮ ኤርትራውያን ዘይትሕከኽ ተዘኩሪት ግጥሚ ኣላ። ግጥሚ ጉዳም ስዑጥበበኛ ሰለሙን ጸሃዬ። ግጥሚ ዓዋተ። እዛ ግጥሚ እዚኣ ኣብ 1988 ንዘኽርን ክብርን ባሕቲ መስከረምን ወዲ ዓዋተን ተጻሒፋ። ጣና ዓወታት ናጽነት ኤርትራ ርጉጽ እናኾነ ኣብ ዝመጸሉ እዋን'ያ ተጻሒፋ። ተጋዳላይ እናሓየለን እናገልበተን ኣብ ዝኸደሉ ምስ ምቁጽጻርን ምትሓዝን ኣገደስትን ዝጠዘለን ቦታታት ሃገርና ዝተደርሰት ሰውራዊ ግጥሚ እያ። ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ከም'ኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ስሙያትን ተዘከርትን ሰውራዊ ደርፍታት ዝገጠመ ስዑጥበበኛ ሰለሙን ጸሃዬ፡ እታ ግጥሚ ኣብ ዕለት 30'ን 31'ን 1988 ዓም ጽሒፉ ድሕሪ ናይ ክልተ መዓልቲ ንዝኽሪ 1መስከረምን ንኽብሪ ዓዋተን 1988 ዓም ኣብ ከሰላ ንምርኢት ክትቀርብ ክኢላ። እዛ ቅድሚ 40 ዓመታት ዝተጻሕፈትን ዝቐረበትን ግጥሚ፡ ንዝኽሪ ከም ዘላታ ናባኹም ኑብላ ኣለና'ሞ ኣስተማቕሩዋ።

**ዓወት !**

*ናይ ኣርባዒታት ሓምሳታት ኤርትራ*
*ብሰላም ብፍትሒ ቀቢጻ ማሳ*
*ሴፋ ማሊሉት ንፍትሒ ብሰጥቂ*
*ዓወት ወፈረ ከብርቓ'ታ ሓቂ።*
*ዓወተ!*

*ማሪታት ኤርትራ ማሽካ ከይተሳዕሎ*
*እምባ መግዛእቲ ብፍዕና እንክሎ*
*ሕልና ከየዕረበ ብሬሕ ተዀለሉ*
*ሓደ ኢሉ ክፍልም ካብ ባዶ ኾቒሉ።*
*ዓወተ!*
*ጋሽ ሓፍት ወሊዳ*
*ሓቂ ብሓቂ ባርካ ፋርስ ወሊዳ*
*ኤርትራ ጅግና ወሊዳ*
*መድሃኒታ በቐሉ ካብ ከብዳ*
*ንበዒታ ኣንቂጹ ልባ ዘረስርስ*
*ጭንቀታ ፈዊሱ ብዘሰፉ ዝድኅበስ*
*ካብ በዓዒ ዘድሕን እሾኽ ዘቐሸሶ*
*ሃዋርያ ማስተርሀት ዓወተ መጺኡሉ።*
*ዓወተ!*
*ብጅና ዘይተጻዕደ ሓጺር በሪኽ*
*ኣደ ወሊዳ ትምብን መዓንጣ ትብዙኽ*
*ሓምድ እድሪስ ዓወተ*
*ዓሰር ሓርነት ቀጺሪ ሓዩ።*
*ዓወተ!*
*ኣብ ፍጻመ ከየበጽሐ ሓርበኛ ዓወተ*
*ሰብ ፍጡር ኮይኑ ኹሉ እንተሞተ*
*ህዝባዊ ሰራዊት ሓድጊ ገዲፉ'ዩ ከንዲ ኩሉ*
*ሰንፍ ኣይበሎ ይቕሰን መቓብሩ።*
*ዓወተ!*



*ሓደ መስከረም ዝወለደት ጥይቱ*
*በረኻ ዝሓደረላ ቀዳመይቲ ለይቱ*
*ዝኣጎደቶ ሰውራ ሜዕበል ተጋደሎ*
*ስጋ ለቢሱ እንተ ዘስተብሀሎ*
*እንታይኮን ምበለ ዓወተ?*
*ሽዱሽተ ኣቡ-ካምሳ ሓንቲ ኣቡ-ዓሽራ*
*ኣብ ኣዳል ዝወዓሎ በኽሪ ውግእ ሰውራ*
*ብጠኤም ተቓይሩ ተተኪኡ መልክዑ*
*ተንሲኡ ተዘርእዩ ታንኩ መዳፍዑ*
*እንታይ ምበለ ዓወተ?*
*ገደሊ ዝሰነኮ ድሕሪ ምስዉኡ*
*እንተ ዝዕዞ ካብ ጉድጓድ ተንሲኡ*
*እንታይ ምበለ ዓወተ?*
*ጅግና'ሞ ኣበይ ይርኢ ኮይኑ*
*የርኢ እምበር ኣየርእን'ዩ ንሱ*
*ጅግና ጠማዕ'ዩ ኣብ ኑብሱ*
*ንህዝቢ ወገኑ ከኮናጽፍ ጸጋ*
*ነዛ ምንባር'ዩ ንሩሑ ዝፍንጎ።*
*ዓወተ!*







# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Assistant Laboratory Technician**
**Number required – (06)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Assistant Laboratory Technician's primary responsibility is to receive, register and prepare samples through sorting, drying, crushing, pulverizing and packaging.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**SHEC**

- Promote safety, health & environmental awareness and involvement to prevent injuries and/or damage
- Ensure appropriate action is taken to remove/manage hazards/risks identified in your work areas and activities
- Fulfill responsibilities including reporting of incidents via the appropriate processes
- Maintain a safe, healthy & environmentally fair and friendly work environment
- Ensure all daily technical group toolbox and safety meetings are attended
- Ensure any faults or downtime is reported to the area supervisor

**Planning**

- Plan and organize supplies and materials needed to carry out the job

**Implementation**

- To understand and follow the sample preparation methods and equipment operation manuals for drying, crushing, splitting, pulverizing and packaging.
- To carry out instructions from the superiors to meet sample preparation deadlines and communicate problems to the supervisor.
- To check that all tools and documentation for sample preparation are available before starting to process the samples.
- To adhere to safety, health, environmental and good housekeeping practices and policies of the laboratory.
- Keep the working areas clean and tidy and do any other work assigned to him by the supervisor.

**Quality**

- To prepare samples according to documented sample preparation standard operating procedure (SOPs)
- Carry out size analysis on selected samples to ensure that sample preparation procedures conform to Quality management system (QMS) acceptance criteria.
- Fill all laboratory forms and maintain records as per the QMS

**Reporting**

- Report hazards and unsafe conditions to the laboratory supervisor
- Other reports may be required for laboratory Supervisor.

**Management**

- To cease production if equipment is unsafe to operate or unsafe conditions exist.
- To eliminate or mitigate and report unsafe conditions to the supervisor.
- Authorized to prevent any action that may affect the quality of work

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Preferably Grade 12<br>• Oral and written English/Tigrinya is required |
| Working Experience – Nature & Length | • At least one year working experience in a minerals laboratory setting<br>• Good understanding of sample preparation & weighing techniques |
| Technical Skills | • Working knowledge of the procedures and professional standards normally applied to minerals laboratories.<br>• Basic data recording and reporting<br>• Equipment operation (e.g. Oven, Crusher, Pulverizing Mill) |
| Behavioral Skills | • The job involves physical work and covering long working hours, hence the incumbent must be physically fit and willing to work long hours<br>• Attention to detail |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Environment Technician**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To collect and analyze data/samples to help monitor the environment impacts and adhere to regulations.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Procedure Control**

- Identify, develop and implement standard procedures for all tasks undertaken.
- Implement a Quality Control/Quality Assurance program for all aspects of the Monitoring Program.

**Data collection and monitoring**

- Responsible for the timely collection and integrity of all environmental monitoring tasks.
- Ensure all equipment and materials are maintained in an appropriate state.
- Collect data as requested and executed on time.

**Writing Reports**

- Organize data and formulate database.
- Undertake basic analysis as required by the Monitoring Program.
- Ensure equipment and materials are maintained and place orders for replacements in a timely manner, so that the overall program is not affected.
- Provides weekly and monthly reports to supervisor

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • BSc or Diploma in natural Science; technical or related field. |
| Working Experience – Nature & Length | • 2 years' experience in relevant field for degree or 4-year experience for Diploma |
| Technical Skills | • Ability to use and learn instrument specific software for downloading data (Electricity or electronic skill)<br>• Interpersonal Relations.<br>• Computer Literacy (such as Excel, word) |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## NOTICE

The shareholders of Afro-Oriental Trading plc. in the extra-ordinary meeting they held on July 22, 2025 have resolved that out of the 152 shares late Yoseph Berhe owned in the Company 54 shares to be transferred to W/ro Eden Gebryohanes and the remaining 98 shares to be equally distributed among his 7 heirs.

In addition, they have resolved to appoint W/ro Eden Gebryohans as manager of the Company for indefinite period.

Accordingly, Article I of the Memorandum of Association of the Company is amended to read as follows:

| | Name of Shareholder | Nationality | Address | Shares | Capital in Nakfa |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | W/ro Eden Gebreyohans | Eritrean | Sweden | 102 | 1,020,000.00 |
| 2 | Natnael Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 3 | Makda Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 4 | Diana Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 5 | Nahom Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 6 | Libawit Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 7 | Tsion Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| 8 | Fikadu Yosief | Eritrean | Sweden | 14 | 140,000.00 |
| | Total | | | 200 | 2,000,000.00 |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሻሙናይ ክፋል

> *"ንየም ዘገድሱኻ ጉዳያት ብምሉእ ልብኻ ስርሓዮም። ብዙሓ ሰባት ይሓዙኻ ምህላዎም ወይ ይነቕፉኻ ምህላዎም ኣይትገደሱ።"* - **ኤሊያኖር ሩዝቬልት**
>
> *"ኣብ ገዛእ ርእስኻ እመን። ኣብ ክእለትካ እምንቶ ይሃልኻ። ብዘይምቕሉል ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ብልሚታትካ ዕዉት ወይ ሕጉስ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።"*
> **- ኖርማን ቪንሰንት ፒል**

## ዕላማ ህይወት

ወትሩ ዕላማ ህይወትካ ክተሐድር ግቡእ እዩ። ዕላማኡ ዘየጽረ ሰብ ወትሩ ምስ እተወጃበረ እዩ። ምስ ፈተወቶ ክጻላእ ንጹእላቱ ክፈቱ ይኽእል። ብተደጋጋሚ ንእተኸልሶ ኣድ ክዙስ ደርሑ። ምስ እቶም ዝምንዘዎ ሕግበግብ ክብል ድማ ኣየኽፍኣሉን እዩ።

ንሽካ ቅድም ቀዳድም እንታይ ከም ዘድልየካ ክተለሊ ይግባእ። ብኸመይ ክትረኽቦም ከም ዘለካ ድማ ኣዳዕዲዕካ ክትፈልጥ ኣሎካ። ምስ ገዛእ ርእስኻ እሂን ምሂን ክትብህል እንከለኻ ምስ ሓደ ክቡር ሰብ ትዛረብ ከም ዘለኻ ክተስተውዕል ይግባእ። ንግንኻ ካጥካ ንላዕሊ ዝኸበር ሰብ ኣሎካ ደዩ?

ንድሌታትካ ዕሽሽ ክትብል እንከለኻ ንገዛእ ርእስኻ ክብሪ ከም እትነፍጋ ዘለኻ ክተስተውዕሉ ይግባእ። ንገዛእ ርእስኻ ክብሪ ከም ዘይትሀቡ ካልኦት ሰባት ከም ዘስተውዕሉልካ ዘለዉ እውን ክትግንዘብ ይግባእ። ካብ እዚ ተበጊሶም፡ ብዘተፈላለዩ መንገዲ ክብለጹልካ ከም ዝኽእሉ ክትሰሕቶ የብልካን።

ድሌትካ ክሰምረልካ እንተሎ፡ ጥዕናኻ ብርኡይ እዩ ዝመሓየሽ። እወ ጥዕናኻ ብኣካላውን ስምዒታውን መዳይ እዩ ዝመሓየሽ። ክንዲ ዝኾነ እወታዊ ድሌታትካ ክተማልእ ከይተሓለልካ ክትሰርሕ ኣሎካ። ንኡብሽካ ከየዕዝብኩ ንኻልኦት ሰባት ከተዕግብ ማለት ዘበት እዩ።

ድሌትካ ናይ ምግላጽ ዓቕምኻ ቀዳሊ ክብ ከተብሎ ጸቡቕ እዩ። ንፋዕ ገላጺ እንተ ኴንካ ብዙሓት ፈተውቲ እየም ዝሰሉኻ። ንፋዕ ገላጺ ምኳን ገዛእ ርእስኻ ኣብ ምኽባር ልዑል እጃም ኣለዎ። እቲ ምንታይሲ ምስ ገዛእ ርእስኻ እሂን ምሂን ንኽትበሃሃል እምብዛ ሓጋዚ እዩ። ድሌታትካ ክብርታትካን እምንቶታትካን ክሱብ ክንደይ ንግንኻ ኣገደስቲ ምዃኖም ብርጡብ ቋንቋ ክትገልጽ ዓቕሚ ይፈጥረልካ።

ንስምዒትካ ብቕሉዕን ቅንዕና ዘለዎን መንገዲ ምግላጽ፡ መን ምዃንካ እተመሓክረሉ ዝበለጸ ሜላ እዩ። የግዳስ ስምዒትካ ክትገልጽ እንከለኻ ንኻልኦት ሰባት ከይትጎጢ ምጥንቃቕ ጸቡቕ እዩ። ንገዛእ ርእስኻ እናኸሓልካ፡ ንኻልኦት ትፍሕትሮር እንተ ኴንካ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ከም ዝስዕብ ክጠፍኣካ የብሉን።

ኩሉ ሻብ ንህይወትካ ብዕላማን ብሸቶን ክትጉብራ ከም ዘለካ ኩቶ ክትሰሕቶ የብልካን። ሽቶኻ ምንጻርን ምጭባጥን ርእሰ ክብሪ ኣብ ምህናጽ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ዕላማን ሸቶን ዘይብሉ ህይወት ናብ ዋላ ሓደ ዓወት ኣየብጽሓካን እዩ። ሓቀኛ ገዛእ ርእስኻ ኣብ ምህናጽ እውን ኩቶ ኣይጠቕመካን እዩ።

ዝኾነ ይኹን ሰብ ንግንኻ ወኪሉ ሸቶኻ ክሕንጽጸልካ ይኹን ዕላማ ህይወትካ ክነግረካ ኣይተፍቅድ። ከምኡ እንተ ኣፍቂድካ፡ እቲ ብኻልእ ሰብ ዝሕንጸጸልካ ሸቶ ይኹን ዕላማ ህይወትካ ምሳኻ ዘይሳነ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ መጠረሽታ ግዳይ ፍሽለትን ጓህን ኴንካ ኢኻ እትተርፍ።

ባዕልኻ ሸቶ ህይወትካ ኣውጽእ። ክትግበር ዝኽእል ወጥን ኣውጽእ። ኣብ መጠረሽታ ድማ ንዓወትካ ኣብ ምምዕጋም ክትሰንፍ ኣይግባእን።

ሓላፍነት ናይ ህይወትካን ምርጫታትካን ኣብ ምውሳድ ኩቶ ዓይንኻ ክትሓሲ ኣይግባእን። ኣብ እዛ ናይ ሎሚ ዓለም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብፍላይ መንእሰያት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ህይወት ሓላፍነት ኣብ ምትካም ርኡይ ትብዓት ከምዝጎደሎም ኣይረኣዩን ዘለዉ። ንሱ'ውን ሓላፍነት ካብ ምውሳድ ሰለ ዝፈርሑ፡ ኣብ ብዙሕ ሸነኽ ህይወቶም ኣብ ካልኦት ሰባት ክምርኮሱ እየም ዝረኣዩ ዘለዉ።

ኣብ ፊናንሳዊ ጉዳያት፡ ሞያዊ ኣንፈታት፡ ኣብ ባህታ ህይወት ከምኡ እውን ምርጫታት ህይወት ናይ ባዕሎም ውሳኔ ኣብ ምውሳድ ትብዓት ይሓጽሮም ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ኣረጋጊጸምዎ ኣለዉ።



ርእሰ-ሓላፍነት (self- responsibility) ኣብ ከምዚኦም ጉዳያት ከበድ ክኸውን እኳ ይኽእል እዩ። የግዳስ እንተ ተዓዊትካሉ ገዛእ ርእስኻ ኣብ ምህናጽ ዘለዎም ተራ እምብዘ ልዑል እዩ።

ኣብ ህይወት ለውጢ ኣገዳሲ እዩ። የግዳስ ኣብ ኣየናይ መዳይ ክትልወጥ ከም ዘሎካን ኣበየናይ መዳይ ክትልወጥ ከም ዘይብልካን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ናብ ለውጢ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምህንዳድካ፡ ገዛእ ርእስኻ ኣብ ምምዕጋም ክትጸቅጥ ይግባእ። ኣየናይ ናይ ህይወትካ ኢኻ ዕጋበት ዘይብልካ? እሞ ክትልወጦ ኣሎካ።

ለውጢ ሰቅ ኣሉ ዝመጽእ ኣይኮነን። ንኽትመሓየሽ ጽፉፍ ወጥን ከተውጽእ የድልየካ። ብድሕሪኡ ኢኻ ናብ ትግባረ ገጽካ ክትሰጋገር ዘሎካ።

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትልወጦም ዘይትኽእል ነገራት ማእለያ የብሎምን። ንዕድመኻ፡ ቁመት ሰብነትካ፡ ድሕረ ባይታ ስድራ ቤትካ … ከመይ ኣቢልካ ክትልወጦም ትኽእል። ዝኣም ክትቕበል ልዑል ትብዓት ክተጥሪ ጥራይ እዩ ዘሎካ።

ንጸዓትካ ሰቕ ኢልካ ከተጥኽኖ ኣይግባእን። ኣብ እቲ ዚያዳ ከተደምጸሉ እትኽእል ኢኻ ክትጥቀመሉ ዘሎካ።

ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ምልዋጥ እኹል ዕግበት ዘይከሀበካ ይኽእል እዩ። ዓቕምን ክእለትን ኣብ እትረኽበሉ፡ ንኻልኦት ሰባት ክትሕግዝ ክትወስን ንህይወትካ ኣድላዪ እዩ።

ንስቡት ግዳ ብኸመይ ኢኻ ክትሕግዞም እትኽእል? ኣብ ስራሕካ ክትሕግዞም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ወለንታዊ ስራሕ ብምውፋር ክትሕግዝ እውን ትኽእል ኢኻ። ብዓቕምኻ ሊጋስ ብምኳን ንህይወት ገለ ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ክትሳተፍ ሰብን እዞምን ዝፈትወዎ ስራሕ እዩ። ተመሊሱ ንዓኻ ዝፈጥረልካ ርእሰ ተኣማንነትን ስምዒት ሓጎስን ከኣ ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን።

ከምዚ ዓይነት ዓወት ተመሊሱ ንዓና እወታዊ ስምዒት ብዙሓ ገዛእ ርእስና ይፈጥረልና። ኣብ ብዙሕ መዳይ ክንዕወት ከም እንኽእል፡ ብውሽጥና ከም ዝስመዓና ከኣ ይገብረና።

## ብንቕሓት ምንባር

ኣብ እዚ ዘለናዮ ዘመን ብንቕሓት ንምንባር ዝሕግዙ ጽሑፋት ማእለያ የብሎምን። እቲ ጸገም ግዳ ገሌና ንፋዓት ኣንበብቲ ስለ ዘይኮንና ብግቡእ ኣይንጥቀመሎምን ዘለና።

ብዙሓት ሰባት ንስምዒታቶም ብምኽሓድ፡ ዘይህይወቶም ክነብሩ ህርዲግ ዝበሉ ኣለዉ። ኣብ እቶም ዘይነቓሕናሎም መዳይ ህይወትና ኣድማዕቲ ክንከውን ኩቶ ዝሕለም ኣይኮነን። ከም ሳዕቤኑ ኣብ ገለ መዳይ ህይወትና ክንፈሽል እንከለና፡ ናብ ምኽኒት ገጽና ንህንደድ ኣለና።

ንስምዒታትካ እናኸሓድካ እትፈትሖ ጸገም ህይወት ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ውሽጣዊ ዓለምካን ግዳማዊ ዓለምካን ንዘኽሰት ኩሉ ነገር ንቑሕ ብምኳን ኢኻ፡ ኣብ ህይወትካ ዕዉት ኴንካ ክትወጽእ እትኽእል። እዚ ተመሊሱ ርእሰ ክብርኻ ኣደልዲልካ ንኽትሃንጽ የኽእለካ።

ኣብ ህይወት ሞራል ክህልወካ ጸቡቕ እዩ። ህይወት ብምርጫታት እተመልአት እያ። ክንመርጽ እንከለና ምስ ክብርታትናን ሞራልናን ዝሳነ ምርጫ እንተ ወሰድና እዩ ዝሓሸና። ርእሰ ክብርና ብሽምኡ መንገዲ እንተ ሃጸናዮ፡ ዝያዳ ርግኣት እዩ ዝፈጥረልና።

ዕዉታት ሰባት ንተወፋይነቶም ልዑል ኣኽብሮት ኣለዎም። ንዘኣተወዎ ቃል ኣብ ባይታ ክየተግበሩ፡ ቀሲኖም ኣይሓድሩን እዮም። ነቲ ንኻልኦት ሰባት ዝምዕድዎ፡ ቅድም ቀዳድም ብተግባር ባዕሎም እዮም ዝፍጽምዎ። ብእኡ ኣቢሎም ከኣ ኣርኣያ ናይ ብዙሓት ሰባት ክኾኑ ይበቕዑ።

ኣብ ዕላማ ህይወት ምንጻር፡ ገለ መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ ክወጻበሩ ይረኣዩ እዮም። ንሱ'ዉም ዓቕሞም ኣብ ምምዛን ስለ ዝጸገሙ፡ ጸግዕተኛታት ናይ ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶምን ኴይኖም ክነብሩ እዮም ዝወናወኑ።

እቶም ዕዉታት መንእሰያት ቀልጢፎም ገዛእ ርእሶም ይኽእሉን ነቶም ዘዐበዩዎምን ዘምሃርዎምን ወለዶም ኣብ ምሕጋዝ ይተጥፉ። ብዘየጥምዎም ጸገማት ምኽንያት ኣብ ክንዲ ምባል፡ ንኽፈትሕዎም ኣበርቲዖም ይሰርሑ።



ዕድመ ንእሰነት ብዙሕ መገለጺ እዩ ዘለዎ። መንእሰያት ብዙሕ ግዜ ወዐያት ደም ተባሂሎም ይግለጹ እዮም። እዚ ዝለዓም ንጥፈት ንምግላጽ ተባሂሉ ዝተዋህበም ክኸውን ይኽእል እዩ። ዋዒ ንብዒት ግዱ እኹል ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። ንጥፈት ብልቦና ክስነ እንተሎ እዩ ልዑል ወጽኢት ዝርከብ።

መንእሰያት ምስ ብዓል መን ክኸዱ ከም ዝግብኦም ብግቡእ ክርድኡ ይግባእ። ከም እቲ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ፡ ጸቕጢ ማዛና ቀሊል ሳዕቤን ዘለዎ ኣይኮነን። ሕማቕ ዓርኪ ንግንኻ ለኪሙ ናብ ገደል ሸለው ክብል ይኽእል እዩ።

ዕላማ ህይወቱ ብዙዮጉእ ዝግንዘብ መንእሰይ፡ ንስምዒቱ ልጓም ኣብ ምግባር ኣይሰገፍን እዩ። ብዙሓ ጽባሕ ኩሓስብ ስለ ዘለዎ፡ ንብዙሓት ጉዳያት ክጽመም ከም ዘለዎ ኩቶ ኣይጠፍኦን እዩ።

ብሓፈሻ ዝኸኑ ሰብ ንዝመዝገቦም ዓወት ጸቡቕ ገይሩ እዩ ከቕልበሉም ዘለዎ። ገሌና ንመብዛሕትኡ ግዜና ንድኽመታትናን ከጋንን ኢና እነሕልፎ። ብምንጽሩ ንእነመዝገቦም ዓወታት ዕሽሽ ንበሎም። ዝ ከምዚ ዓይነት ኣመለኻኽታ ቀልጢፍና ክንልወጦ ይግባእ።

እቲ ንዓወቱ ዝግገጵ ክብሪ ዝሁብ ሰብ፡ ንገዛእ ርእሱ ግቡእ ክብሪ ይሀብ። ኣብኡ እውን ኣይሕጸርን እዩ። ዝዓበየ ዓወት ንኽመዝግብ ምስ ገዛእ ርእሱ ህድእ ኢሉ ይመያየጥ።

ዕዉታት ሰባት ድሕሪ ዓወት ምምዝጋቦም ቀሩብ ዕረፍቲ ክወስዱ ይደልዩ። ንገዛእ ርእሶም ጥዑም መግቢ ይጋብዙ። ናብ ዝፈትውዎ ስፍራ ብምኻድ ይዘናግዑ። ኣብ ዝፈትውዎ ንጥፈታት ይዋስኡ። ብዙዮጉእ ንገዛእ ርእሶም የዛንዩ። ምስ ዝፈትውዎም ዓርኩ መሓዙት ይዘናግዑ። ንገዛእ ርእሶም ብጽሒቶም ብቓልን ይንእዱ። እቲ ዝርዝር ኣመና ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንሽካ ክትዕወት እንከለኻ ብኸመይ ንገዛእ ርእስኻ ከም እተሐጉሳ ኣይጠፍኣካን እዩ። ከም እቶም ናብ ኣልኮላዊ መስተን ካልእ ወልፍታትን ዝዕዘዙ ሰባት ግዱ እንተ ዘይኮንካ ተመራጺ እዩ።

ጥዑይ ርእሰ ክብሪ ክትውንን እንተ ኸኢልካ፡ ንድርኸታትካ የደንፍዮ እዩ። ጥዕና ኣእምሮኻ እውን ብጸቡቕ ይምዕብል። ብእኡ ኣቢሉ ኩሉ መዳይ ህይወትካ ዓይነታዊ ለውጢ ይገብር።

ቀንዲ ጭኡታታት ርእሰክብሪ ዝኾኑ ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥

- ርእሰ ተኣማንነት።
- ስምዒት ውሕስነት።
- መንነት (Identity)።
- ስምዒት ዋንነት።
- ስምዒት ብቕዓት።

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ከም ዝገልጽዎ፡ ርእሰ ክብሪ ኣብ ግዜ ህጻንነት ትሑት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ግዜ ንእሰነት ክብ ከም ዝብል እዩ። ካብ ግዜ ንእሰነት ሕልፍ ምስ በልካ፡ ዝሓሸ ርግኣት እዩ ዝረኣየካ። እዚ ልክዕ ከም እቶም ካልኦት ባህርያት ምዃኑ እዩ።

ሓደ ብንቕሓት ኣብ እዛ ዓለም ክነብር ዝደሊ ሰብ፡ ንርእሰ ክብሩ ክሳብ ክንደይ ከቕልበሉ ከም ዘለዎ ኣይጠፍኦን እዩ። እቲ ምንታይሲ ርእሰ ክብርኻ ንምስራሕ ውሳኔ ምውሳድ፡ ንዘምድናታትካ፡ ንስምዒታዊ ጥዕናኻ፡ ንኽለንተናዊ ጥዕናኻ … ይጸልዎ እዩ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንድርኸትካ እውን ይጸልዎ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቶም ጸቡቕ ጥዕና ከምኡ እውን እወታዊ ኣመለኻኽታ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ዘለዎም ሰባት ንዓቕሞም ጸቡቕ ገይሮም እዮም ዝርድእዎ። ንሓደስቲ ብድሆታት ክገጥሙ ክጻወሩ ከኣ ይኽእሉ።

እቶም ኣርባዕተ ቀንዲ ባህርያት ርእሰ ክብሪ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

1. ንኽእለትካ ብግቡእ ምርዳእ።
2. ክእለት ምስ ገዛእ ርእስኻን ምስ ካልኦት ሰባትን ጸቡቕ ዝምድና ምፍጣር።
3. ክውንነታውን ቅኑዕን ውልቃዊ ትጽቢት ምሕዋር።
4. ንድሌታትካ ምግንዛብን ንድሌታትካ ምግላጽን።

> *"ሰባት ስለ ዝሸደዱኻ ኣይትተሓለም። ገዛእ ርእስኻ ግዳይ ክትከውን ኣይተፍቅድ። ንገዛእ ርእስኻ ባዕልኻ እምበር ካልኦት ሰባት ክገልጽዋ ኣይትቐበል።"* - **ሃርቪ ፈርስቲይን**
>
> *"ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ነገር ብኸመይ ገዛእ ርእስኻ ክትከውን ከም ዘለካ ምፍላጥ እዩ።"* - **ሚሻኤል ደ ሞንታኝ**

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ጆርናል

## ሕቔን ከብድን እንክንከውን

/02 ጥሪ 2014/ ጆባርጥ



ኣጋ ምሸት ምስ ኩነ ናብ እንዳ ዓርከይ ድኳን ኢና ኬድና። ምስ ሓደ ብዋዛ ዝለገበና 'ወዲ-ሓብቲ' እንብሎ ጋሻ ዓርክና'የ ነይሩ። ቅልጥፍ ኢሉ ክጠብቕ ዘይክእል ግዲ ኰይኑ፡ ንሱ ኣሻቡ ለጊቡናስ "ኣዕሩኽተይ" እናበለ ክምካሕ ከሎ ኣመና ይገርመኒ። ክልተና ጥራይ ኣብ እንህሉወሉ እንታይ ኢና ከነዕልል ኣይፈልጥን። ብዝከኣል መጠን ሳልሳይ ሰብ ክህሉ እንከሎ'ዩ እቲ ዕላል ዝቐለለይ። ከምቲ ቀልጢፈ ዘይለግብ፡ ቀልጢፈ ኸኣ ኣይለቅቕን'የ። ካብ ዝቐረብኩዎ ሰብ ቀልጢፈ ኣይርሕቕን ጥራይ ዘይኰነ፡ ብዙሕ ነገረይ ምስኡ እናተኣሳሰረ እዩ ዝምዕብል። ህይወተይ ምስ ቀረብተይ ተማቒሉ እዩ ዝኸይድ። ከምኡ ግዲ ኰይነ ከኣ ሰበይ ክፍለየኒ እንከሎ ኣመና የሕመኒ። እዚ 'ወዲ-ሓብቲ' ዝበልናዮ 'ዓርክና' እምበኣር ንኣና ክጠቕበና እንከሎ፡ ነቶም ካልኦት ርሒቑዎም ማለት'ዩ። ድሕሪ ናይ ሓደ መዓልቲ ናይ ሻሂ ግብጃ ዳርጋ ዓርኩ ኢኻ ትኸውን። ብዝኾነ ናብቲ እንዳ ዓርከይ ድኳን ምስ ከድና ጽጌና ብዓልቲቤቱ ቡን ክትቁሉ፡ ንሱ ከኣ ዓማዊል ከእንግድ ጸኒሑና። ናብዛ እንዳ ዓርከይ መጺአ ከይተበርሃኒ ወጺአ ኣይፍለጠንን። ጻዕዱ ዓርከይ ዘዝሓደሰ ዕላል ስለ ዘይስኣኖ ዋላ ኰሪኻ መጺእካ፡ ኵራኻ'ዩ ዘረስዕ። በዚ፡ ዝኾነ ሰብ እናተፈሰሀ ክመላለሶ ይኽእል። ንኣይ ግን ተወሳኺ ኣሎኒ። ምስ ጻዕዱን ጽጌናን ናይ ነዊሕ እዋን ምሕዝነት'ዩ ዘሎና። ነቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ዝነበረ ኣዝዩ ጥዑም ዙርያ ምሕዝነትና ስለ ዘዘኻኽረኒ'ዩ። ኣነ፡ ንሱ፡ ብዓልቲቤቱ ጽጌና፡ ባህጉን ትዕግስትን ዘይንፈላለ መሓዙት ኢና ዝነበርና። ጻዕዱን ጽጌናን ተመራዕዮም፡ ትዕግስቲ ተመርዕያ ሓዳር ጨውዩ ኣርሒቑዋ፡ ባህጉ ናብ ስደት ኣቢላ፡ ኣነ ኸኣ ይዛውን ኣለኹ። ፈጺምካ ክድገም ዘይክኣል ዝመስል ጥዑም ግዜ ግን ኣሕሊፍና። ከምኦም ጥዑማት ሰባት ክርከብ ዝከኣል ኣይኰነን። ከምቲ ዝኸሰረ ዓረብ ሕሉፍ መዝገቡ ክግንጽል ይውዕል ዝብሃል፡ ኣነ ከኣ በይነይ ጢልጢል ምባለይ የቋርረኒ ግዲ ኰይኑ፡ ኣብዛ እንዳ ዓርከይ እናመጻእኩ'የ ናፍቖተይ ዘውጽእ። ሎሚ ምስዚ ወዲ-ሓብቲ 'ዓርክና' ምስ መጻእና'ውን ከም ቀደመይ ባህ ኢሉኒ ነበረ። ኣወል ቡን ዓፍ-ዓፍ ክትብል'ያ ዝጸንሓትና። ሓፋስ ኣወል ቡን እናመዓጉና እታ 'ኤ ዎክ ቱ ሪመምበር' ናይ ማልዲ ሞር ደርፊ ዝመጸውዒታ ሞባይለይ ተዳህየት። እቲ ሓደ ኢደይ ብስሰዐ ዕምባባ ገፊጡ፡ እቲ ሓደ ኢደይ ከኣ ፍንጃል ዓትዒቱ እንከሎ ከቕበላ ፈቲነ። ኣነን ዕምባባን ከመይ ምኻና እትፈልጥ ጽጌና እናሰሓቐት መሸረፊት ኣቐበለትኒ'ሞ፡ ዕምባባይ ኣብ መሸረፊት ሒዘ ናብ ደገ ወጻእኩ። 004... ኢሉ ዝጅምር ቍጽሪ'ዩ። ካበይ ምዃኑ ኣይተጠራጠርኩን። ብ00... ዝጅምር ቍጽሪ ብዘይካኣ ዝድውለለይ የብለይን።

እዚ ዝጸናሕኩዎ ገዛ፡ ማዕረይ ዝብጽሓ ገዛ መሓዙትና'ዩ። ንሳቶም ካብ መንጎ ምሕዝነትና ተምርዕዮም ድሮ ክልተ ቈልዑ በጺሖም ኣለዉ። እዚ ቀልጢፉ ዝጠብቕ ዓርክና'ውን ብቐደሙ ንባህጉ ብሂጉ'ዩ ተላልየና። ዝብኢ ክሳብ ዝደልዎ ይሕንክስ ከም ዝበሃል፡ ክሳዕ ዝኾነሉ ኣብ ዙርያና ክጸንሕ'ዩ ዝነበረ መደቡ። ባህጉ ግን ቀልጢፉ ግዲ ኣንቢባቶ ኣብ ናይ ሓባር መደብና ክንማልኦ ኣይትደልን ነበረት። እዞም ኵሎም ዝራኸቡ ዕላላት ዝፈጥሩ ሰባት እንከለው፡ ንሳ ደዊላ ኣራጉዳቶ። ነቲ ዝጸንሓና ጽቡቕ ስምዒት ድማ ኣብዚሓ ወሰኸትሉ። ዘይከም ካልእ እዋን ተበሪሁኒ ከዕልላ ጀመርኩ።

"ካብዚ ዝደወልኩልካ መዓልታት ሎሚ ፎኺስካኒ፡" በለትኒ። ሓቃ'ያ፣ ቅድሚ ሕጂ ንዝሓለፉ ኣርባዕተ ሕቶ ክምልስ እምበር ብዛዕባ ህይወተይ ሓንቲ'ኳ ኣዕልላ ኣይነበርኩን። ተቐይመላ ኣይኰንኩን፣ ግና ስቕ ኢሉ ትም የብለኒ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ እድንግጸላ። ኵሉ ግዜ ናፊቓ ሕማቕ ከም ዘላ ስለ እተዕልለኒ ካልእ ክውሰኻ ኣይደልን ነበርኩ። ካብ ማእከል ምውቕ ፍቕሪ'ያ ገዲፋትኒ። ንሳ ኣጥዕያ ከይሓሰበት ናይ ክልተ ሰሙን ቀልውላው ዘሎዎ ውሕጅ ከም እተማልኣ'ያ ትዛረብ። ኣብዚ ዳርጋ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ዝደወለቶ ነዚ'ያ ትደጋግመለይ። ኣነ ከኣ ሸሕ ግዜ እፍተዋ፡ ሸሕ ግዜ ኣፍቅራ'ምበር ነቲ ክውንነት ተቐቢለ ህይወተይ ከማእዝን ነይሩኒ። ቀልጢፈ ንቓንዛ ናፍቖታ ተላሚደዮ። ከኢለዮ። ጸይረዮ። ንዘይዘንብ ደበና ሃረር ከም ዘይብሎ እፈልጥ'የ። ነዚ ፈሊጠ ምስ'ናይ ዕቑር ፍቕረይ ንቕድሚት ሳጊመ። ክትድውል እንከላ ክንደይ ግዜ ካብኡ-ናብዚ ከም ዝሳገምኩ ከዕልላ እደሊ። ግና ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኸታ ከይኰና ብምስካፍ እገድፎ። ክጥንቀቕ ክብል ከኣ እንታይ ከም ዘዕልላ ይጠፍኣኒ። ሎሚ ግን ኣብ ጥዑም ዝኽርን ሙድን እንከለና ስለ ዝደወለት ከይተረድኣኒ'የ ከዕልላ ጀሚረ። ሓድሽ ዓመት ከመይ ከም ዘሕለፍናዮ፡ ንጽባሓይቱ ዝገበርናዮ፡ ዝጸሓፍኩዎ ግጥሚ፡ እተመነኹዎ፡ ... እርይ ቍጽር ኣቢለ ድሕሪ ምዕላለይ፡ ተኣኪብና እንከለና ከም ዝደወለት ነገርኩዋ።

"እሞ ኣይቀናእካን፧" ሓቲታትኒ። ከም ዘይሰማዕኩዋ "ኣይስመዓን ኣሎ፡" መለስኩ። ደጊማትለይ፡ ኣነ'ውን ንኣኣ ደጊመ። ሰሊሳ፡ ኣነ'ውን ነታ መልሲ እናሰሓቕኩ ሰሊሰላ። ሸዑ ነገራተይ ተረዲኡዋ። "ኣይስመዓን ድዩ ዘሎስ ዋላስ ክትሰምዖ ኣይደለኻን፧" ኣመጭውው ኣቢላ ሓቲታትኒ። "ገና ኣይስመዓን'ዩ ዘሎ፡" ክልተና እናሰሓቕና ኣርእስቲ ቀየርና። ድሕሪ ምፍልላይና ብሓባር ዝሰሓቕናላ እዛ ኣጋጣሚ እዚኣ'ያ ክትከውን ትኽእል። ድሕሪ ነዊሕ እዋን ስሓቓ ክትሰምዕ ክንዲ ምንታይ ጥዑም'ዩ።

"ኣይቀናእካን'ሞ፡" ድያ ዝበለትኒ፧ እንታይ ኰይነ'የ ኸ ዘይቀናእኩ፧ ፈጺመ ከምዚ ኢለ ሓሲበ ኣይፈልጥን። መርዓን ደርዓን ኣዕሩኸይ እምብዛ'ዩ ዘሐጉሰኒ። ብልቢ'የ ተሓጉሰ ዝውዕሎ። ኣብ ጽምብላት ውላዶም ከኣ ከምኡ። ንደቆም ከም ወለዶም'የ ዝፈትዎም። ነብሰይ ኣብ ቦታኦም ኣእትየያ ግን ፈጺመ ኣይፈልጥን። እንታይ ኰይነ'የ'ኸ ክቐንእ፧ ባህጉ ኣብ ዓዲ ጓና ተመርዕያ'ምበር ኣብ መርዓኣ ተሓጉሰ ምወዓልኩ ይመስለኒ!? ሓደ እዋን ኣብ ግዜ ፍቕርና፡ ናይ ስድራኣ ሕቶታት መርዓ ኣብ ዘይግዚኡ ስለ ዝመጽኣ ንገብሮ ጠፊኡና፡ ተበሳጪና ነይርና። ከይፈተና ምፍልላይ ክንቕበሎ ተቓሊስና። ኣብ ኣእምሮኣ ሓደ ነገር ትስእል'ሞ ኣዒንታ ንብዓት ይዘርቓ ነበረ። ንሳ ምስ ሰብኣያን ደቃን ኣብ መገዲ ጎፍ ክብላ ይርኣያ። ከምዛ ሸዓ ኰይና ግዲ ትረኣያ ነይራ ንብዓት ትሕለብ። ምጉት ውሽጣ ከይፈለጥኩ "ፍጹም!" ክትብል ጥራይ እሰምዓ ነበርኩ።

መቸም ኣብ ማዕሙቕ ልቢና ዝሰረተ ፍቕሪ ኣሎና፣ ምናልባት ከኣ ነይሩና። ዋላ ሓደ ክቕይሮ ዘይክእል ፍቕሪ። ንበር ክንፍትን ወይ ንኬፋት ብሂግና ኣይተደላለናን። መገዲ ህይወት'ዩ ኣራኺቡና። ተፋሊጥና፡ ንዓመት ተመሓዚና፡ ንሰለስተ ዓመት ከኣ ተዓራሪኽና። ግን ከኣ ንፍቕሪና ዓሚጽና ኢና ማዕዶ-ማዕዶ ሰፊርና። ኣብቲ ግዜ ህይወት ፈጺማ መጀመርታኣን መወዳእታኣን ዘይትረኽቦ እተሓዋወሰት ፈትሊ ኰይናትኒ ነበረት። ኣብ ከምዚ ኵነታት እንከለኹ ዘይምልሶ ሕቶታት መጽኡኒ። ሓቂ፡ ንፍቕሪናን ሓቀኛ ስምዒተይን ቀቲሉ፡ መወዳእታ እንተ በጺሑዋ ዘዋጽኣ ክትውስን ቀጠልያ መብራህቲ ወሊዐላ። "ናተይ እንተ ኰይና ናተይ ግበራ፡ እንተ ዘይኰይና ሓደራ ቃንዛይ ኣይተንውሓዮ፡" ኢለ ናብ ኣምላኸይ ደርብየዮ'የ። ኢላ ኢላ ግን ነገራት ኣብ ምህድኡ፡ ኣዘንጊዓ ሓዳር ስደት መሪጻ። ዝሕሻ ካብ መሰላ፡ ክትሕጉሰሉ ተመንየላ። ካብ ልበይ ድዩ ሕነሕነይ ዘይተረድኣኒ ትምኒት። ኣነ ግን መጻኢ ህይወተይ ምሉእ ፈጺመ ደጊመ ክሓልፎ ዘይደሊ ቃንዛ ምፍልላይ ተመኲረዮ። ነቲ ናብዚ ዘብጽሓኒ ቀንዲ ምኽንያት ሕነ ዝፈድየሉ ግዜን ዓቕምን ተመኒየ ነበርኩ። ምንዮተይ ስምዒትን ቃንዛን ዝደረኾ ይኹን'ምበር ክረግኣለይ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ። ህይወተይ ግና ኣይረግአን። ኵሉ ግዜ ከምዚ ጀሚርካ ዝገድፍካዮ ዘረባ፡ ከምዚ ከፊትካ ውሽጡ ዘይረኣኻዮ ክብኺ፡ ከምዚ ጀሚርካ ዘይወዳእካዮ መጽሓፍ፡ ኣብ ህይወተይ ሓደ ዘይተዓጽወ ምዕራፍ ኰይኑኒ፣ እዚ ጸልማት ዝኣፈፌቱ ውሻጠ፡ ብሑጓ ንፋስ እናኣእተወ ኣዋሪዱኒ። ምኽንያቱ ኣይተዓጽወን። ከይዓጽዎ ከኣ ነቲ ጸልማት ዘሰግር ትብዓት ስኢነ። እዚ ኵሉ ኣብ ውሽጠይ እንከሎ፡ ህይወተይ ሓደ ጭቡጥ መገዲ ሒዙ ክኸይድ ዘይከኣለ ከሎ፡ "ኣይቀናእካን'ሞ" ክትብለኒ እንታይ ክስመዓኒ ይኽእል፧

"ኣይስመዓን ኣሎ፡" እናኸብላ ክትስሕቕ እንከላ፡ ስሓቓ ሰሚዐ ጥራይ ሓጉስን ናፍቖትን ብሓደ ግዜ ንልበይ መለኦ። ንኣይ ገዲፋ ምኻዳ ፍጹም ዘይትመልሶ ጣዕሳ ኰይኑዋ ምስ ነብሳ ምትዕራቕ ከም ዘሰኣነት'ያ ትነግረኒ። ሓቂ እንተ'ለዋ፡ ቀሊል ተመኲሮ ከም ዘይኰና ይርድኣኒ። ብዙሕ ግዜ በዚ ኩተማርር እሰምዓ'የ። ነዚ ክትደግመለይ ምስ በለት ገለ ክብል ነይሩኒ፤

"ኣነ እንታይ እሓስብዶ ክነግረኪ፧"

"ሕራይ ንገረኒ።"

"እቲ ዘጋጠመ ኵነታት ነናቱ ምኽንያታት ነይሩዎ ይኸውን'ዩ። ኣብ ግዜኡ ከኣ ዘይሰገር ደንደላ ኰይኑና ነይሩ ይኸውን። ክልተና ከምዚ ክንከውን ኣይምደለናን። ግና ከምዚ ኴንና ኣለና። ህይወት ነዚ'ያ ሰሪዓትልና። ኣነ ኵሉ ግዜ ዘይቅይሮ ሓቂ ኣሎኒ፣ ኣብ ህይወተይ ዘይርስዓ፡ ዘይርሳዕ ፍቕሪ ዝለገስትለይ፡ ኵሉ ሳዕ ብፍቕሪ ዝዝክራ፡ ዝናፍቓ፡ ልዕሊ እቲ ዘፍቅራ እተፍቅረኒ ዝነበረት ኣብ ታሪኸይ ሰብ ኣላትኒ። በቲ ዝሓለፈናዮ ጥዑም እዋናት ወትሩ ሕጉስ'የ። በቲ ምሉእ ዓቕመይ ነዚ'የ ዝርኢ። ኣብ ህይወተይ ከማኺ ዝበለት ሰብ ምፍቃረይ ከኣ ከም ዕድለኛ ሰብ ገይረ ንንብሰይ እቘጽራ። ብርግጽ መገዲና ክልተ ጫሌዳ ብምሓዙ፡ ሎሚ፡ ጽባሕ፡ ድሕሪ ጽባሕ ቅልጥፍ ኢልና ምስ ውዑይ ስምዒትና ኣይንራኸብን ንኸውን። ሓደ መዓልቲ ከም እንራኸብ ግን እፈልጥ'የ። ኵሉ ሳዕ ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ተስፋይ ምሉእ'ዩ። ንስኺ ከኣ እዚ ኵሉ ዝሓለፍኪዮ ተመኲሮ ቀሊል ስለ ዘይኰነ ናብ ጽቡቕኪ ቀይርዮ። ነቲ ሕማቕ ቃንዛ'ውን ናብ ጽቡቕኪ ክትቅይርዮ ጸዓሪ። በዛ ዝበልኩኺ መዓልቲ ድማ ተስፋ ኣይትቑረጺ፡" በልኩዋ። ሓጉሳ፡ ተስፋኣን ሞራላን ክሕደስ ኣብ ድምጻ ሰማዕኩዎ።

"ተለፎለይ ሕሳብ ከም ዝወዳእኩ ትነግረኒ ኣላ። ክሳብ ባዕላ ትኹልፈኒ ናይ መወዳእታ ገለ በለኒ፧" በለትኒ። ብውሽጣ እንታይ ክትሰምዕ ትህንጠ ነይራ ኣይጠፍኣንን። ብሰንኪ ዓበይቲ ውሳነኣ ግን ሕጂ ክብሃል ዝኽእል ኣይነበረን። ሓቂ እፈትዋን ኣፍቅራን'የ። ብሓደ ክንነብር ንኽእል ኢና ማለት ግን ኣይኰነን። ንሳ ብምንታይ ትሕዞ ስለ ዘይፈለጥኩ እታ ናይ ልበይ ክብላ ኣይከኣልኩን።

"ሃንደበት እንድኺ ደርቢኻለይ .... በሊ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ይግበርልኪ...። ንስኺ ትብልዮ እንተ'ሎ ከኣ፡" በልኩዋ ኣብ ኣፈይ ዝጸንሐ።

"ኣነ ደኣ ኣመና'የ ዝፈትወካ።"

"ንሱ ደኣ እንታይ ምንጋር ደልየሉ እፈልጥ እንድየ።"

"ስለ ዘይትፈልጥ ኣይኰነን፣ ኣነ ዝብለካ ንሱ'ዩ።"

ድምጺ ሕልናይን ምስ ፍርሐይ ሓዊሰ ብምራቕ ኣፈይ ውሒጠ፡ "ኣነስ እፈትወኪ እንድየ፡" በልኩ። ዕድል ክገብር ግን ዘረባይ ኣብ እዝና ከይበጽሐ ተለፎን ቀዲማ "ጢ...ጥ...ጢ...ጥ" በለት።

ጃምቦ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ከረን - ሕውነት ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ኮይና



ኣብ ግጥማት ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ከተማ ከረን፡ ሓለፍቲ መንግስትን ግንባራትን ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ጋንታ ሕውነት ሻምፕዮን ቀዳማይ ድቪዥን ኮይና።

ስዕረት ከይቀመሰት ኣብ ፍጻመ ዝበጽሐት ሕውነት ምስታ ኣብ ሻምፕዮን ጸቡቕ ጉስጓስ ዘመዝገበት ከረን ጀዲድ እያን ፈለማ ናብ ሜዳ ኣምረሐኻ። ጸወታ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ፡ ጥንቃቐ ዝመልኦ ምንቅስቓስ ብምንባሩ ብዘይ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ ወጺ። ድሕሪ ዕረፍቲ መሳርዐን ኣሐዲሰን ብምምላስ፡ ብደገፍተን ተሰንየን ሓያል ጸወታ ኣንጸባሪቐን። እንተኾነ ሸቶ ከይተመዝገበ ሰዓት ብምኽካሉ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምርሓ። ሕውነት 5ብ4 ብምዕዋት ድማ ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ኮይና ናብ ሊግ ዓንኣብ ሰጊራ። ከረን ጀዲድ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዛዚማ። ኣብዚ ጸወታ ናታን ማሕሙድ ካብ ከረን ጀዲድ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ። ብዘወሳኺ'ውን መሓመድ ኣደም ካብ ከረን ጀዲድ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክኸውን ከሎ፡ ቢንያም የሴፍ ካብ ሕውነት ዝበለጸ ሓላው ልዳት፡ ኤቬን ተስፋሚካኤል ካብ ሕውነት ዝበለጸ ተጻዋታይ፡ ኣሰልጣኒ ጋንታ ሕውነት ናህም ወልዳይ ድማ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ብምኳን ዕወታት ኮይኖም። ከምኡ'ውን ድሕሪ 2008 ዝተወልዱ ብሉጽ ምንቅስቓስ ዘርኣዩ ዓሰርተ ትሰዓዋት ተጻወትቲ መተባብዒ ተዋሂቡዎም።

ኣቐዲሙ ንደረጃ ዝገጠማ ደሴት ምስ ኣስሙድ'የን። ብክልቲአን ጋንታታት ዝሕል ዝበለ ጸወታ እኳ ተተራእዩ፡ ቀዳማ ሸቶ ብምምዝጋብ መራሕነት ዝተረከበት ኣስሙድ ኮነት። ቀጺሉ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ 1ብ0 ናብ ዕረፍቲ ወጺ። ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ምስ ጀመረ ተጻዋታይ ኣስሙድ ብጌጋ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ብምምዝጋቡ ጸወታ ሓደ ብሓደ ኮነ። ብዘተፈጥረ ክሳራ ዝሰደረት ኣስሙድ፡ ሓያል ጸቕጢ ብምፍጣር ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ኣብ መበል 72 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ደጊማ ንጸወታ ክትቀልሶ ተራእያ። ድሕሪኡ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ኣስሙድ ተዓዊታ። ሳልሳይ ደረጃ ድማ ሒዛ። ኣባላ ሳዓድ መሓመድ ብሉጽ ናይ'ቲ ጸወታ ተባሂሉ። ኣብ መወዳእታ፡ ዕወታት ንዘተዓለወሎም ሽልማት ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ከም ዝተቐበሉ ኣገልግሎት ዜና ዞባ ዓንሰባ ሓቢሩ።

## ግጥማት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዐት

ግጥማት ሃገራዊ ሻምፕዮን ኩዕሶ ሰኪዐት 2025 ብውዕወዕ መንፈስ ይቕጽል ኣሎ። ቀዳም 30 ነሓሰ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድራት፡ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ጋሽ-ባርካ ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብበፊሕ ፍልልይ 66ብ20 ሰዒራታ። ማእከል ንዓንሰባ ብ75ብ15 ረቲዓታ። የሳና ጺጋይ ካብ ጋሽ-ባርካ፡ ፍረወይኒ ተስፋይ ካብ ማእከል ከኣ ብዘርኣያኦ ብሉጽ ብቕዓት ወርቂ መዳልያ ተሸሊመን።

ኣብ ዝደሓረ ውድድር ደቂ-ተባዕትዮ፡ ማእከል ንመጋጥምታ ዓንሰባ 104ብ54 ሰዒራታ። ኣብ'ዚ ውድድር ሙሴ ጺጋይ ካብ ማእከል ብሉጽ ተጻዋታይ ብምኳን ወርቂ መዳልያ ተሸሊሙ።



ሰንበት 31 ነሓሰ፡ ኣብ ሜዳታት ቦቐፌልያን መዓስከር ደንደንን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ማእከል ምስ ደቡብ፡ ጋሽባርካ ምስ ዓንሰባ ከም'ኡ'ውን ደንደን (ሚኒስትሪ ምክልኻል) ምስ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተራኺበን። ከም ወጽኢቱ ኸኣ ማእከል 48ብ31፡ ጋሽ-ባርካ 49ብ35 ደንደን ከኣ 64ብ17 ጸብለልታ ሸቶ ንመጋጥምተን ረቲዐን ተዓዊተን። ሶልያና ጉብሩ ካብ ደቡብ፡ ዊንታ ኣብርሃም ካብ ጋሽ-ባርካ ኸኣ ዝርኣያኦ ብሉጽ ብቕዓት ወርቂ መዳልያ ተሸሊመን።

ኣብ ውድድራት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ማእከል ምስ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ጋሽ-ባርካ፡ ደቡብ ምስ ደንደን ብምግጣም ማእከል 108ብ81፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 73ብ70 ደንደን 126ብ39 ፍልልይ ነጥቢ ንመጋጥምተን ሰዒረንአን።

ኣብ'ዚ ውድድር ናትናኤል ተስፋማርያም ካብ ጋንታ ማእከል፡ ናህም ወልድኣብዝጊ ካብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓንዶም ኣበበ ኸኣ ካብ ጋንታ ደንደን ብሉጻት ተጻወትቲ ናይ'ዚ ውድድር ብምኳን ወርቂ መዳልያ ተሸሊሞም።

ሰኑይ 1 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ማእከል ምስ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ክራኸብ እንከለዋ ማእከል 86ብ16 ብበፊሕ ሰዒራ። ብድሕሪኡ ዝተራኸባ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ማእከልን ዓንሰባ እየን። ጋንታ ማእከል 130ብ34 ንመጋጥምታ ብበፊሕ ሰዒራታ። ኤሽን ዘርኡ ብሉጽ ተጻዋታይ ብምኳን ወርቂ መዳልያ ተሸሊሙ።

## ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴንስ ስልጠና ንህጻናት ጀሚሩ

ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴንስ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ክህቦ ዝጸንሐ ስልጠናታት፡ ካብ ዕለት 28 ነሓሰ ጀሚሩ ንህጻናት ስልጠና ይህብ ኣሎ።

እዚ ብምትሕብባር ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚቴን ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴንስን ኤርትራ ብኽልሰ ሓሳብን ግብርን ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና፡ ክሳብ 6 መስከረም ክቕጽል ምዃኑ ተሓቢሩ።

ዕላማ ናይ'ዚ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ህጻናት ካብ ህጻንነቶም ክብርታት ኦሎምፒክ ፈሊጦም ራኢ ንክህልዎምን፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ብምዃኖም ድማ ኣብዚ ንጻርት መዓልታት ሓቢርም ዝጸንሑሉ ተመክሮ ንክለዋወጡን ብቐዓቶም ክብ ንኽብሉን እዩ።

ኣብዚ ስልጠና ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተዋጽኡ 18 ደቀ-ኣንስትዮ፡ 18 ደቂ-ተባዕትዮ ብድምር 36 ሰልጠንቲ ህጻናት ይሳተፉ ከምዘለዉ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴንስ ሓቢሩ።



## መስርሕ ምስግጋር ፕሪመርሊግ ናብ ልዕሊ ሰለስተ ቢልዮን ፓውንድ ደዩቡ

### ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ ተጻዋታይ ፕሪመርሊግ ሒዙ!

ኣብዚ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ እዚ ክረምቲ፡ ክለባት ፕሪመርሊግ ዘወጽኣኦ ወጻኢታት፡ ናብ ልዕሊ ሰለስተ ቢልዮን ፓውንድ ክብ ብምባል ነቲ ኣብ 2023 ሒዚዎ ዝጸንሐ ክብረ-ወሰኑ ሰይሩ።

ካብ 16 ሰነ ክሳብ 1 መስከረም፡ ክለባት ኣብ ሓያል ዕድግን መሸጣን ተጻወትቲ እየን ተጸሚደን ጸኒሐን። ኣብዚ መስርሕ'ዚ፡ ውልዶ ተጻወትቲ ካብ ዝተፈላለያ ኣካዳሚታት ናብዘን ክለባት ተጸንበርም ኣለዉ፣ ዋጋ ተጻወትቲ'ውን ክዛየድ ተራእዩ። 31 ነሓሰ ደሮ ምዕጻው መስርሕ ምስግጋር፡ ክለባት ንዕድጊ ተጻወትቲ ዘወጽኣኦ ወጻኢታት 2.73 ቢልዮን ፓውንድ በጺሑ ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ውዱእ ግዜ ማለት 1 መስከረም፡ ማን ዩናይትድ ንሓለዊ ልዳት ላመንስ ብ18.1 ሚልዮን ፓውንድ፣ ቶተንሃም ንኣጥቃዓይ ኬሸን ብ34.6 ሚልዮን ፓውንድ፣ ነውካስል ንኣጥቃዓይ ዊሳ ብ55 ሚልዮን ፓውንድ ከምኡ'ውን ሊቨርፑል ንሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ብ125 ሚልዮን ፓውንድ ብምዕዳገን እዚ መስርሕ ምስግጋር ናብ ልዕሊ 3 ቢልዮን ዓሪጉ ደሪኹ። ኣሌክሳንደር ከኣ ብዘወጽኣሉ ማጠን ክፍሊት፡ ክብረ ወሰን ፕሪመርሊግ ብምሓዙ ሓደሽ ቀጽሪ ትሽዓተ ማልያ ወደዩ ድማ ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ክንርእዮ ኢና። ብሓፈሻ እዚ ኣብ ፕሪመርሊግ ንዕድጊ ተጻወትቲ ወጺኡ ዘሎ ማጠን ገንዘብ፡ ካብ'ቲ ኣብ ቡንደስሊጋ፡ ላሊጋ፡ ሊግ ሓደን ሰሪኣን ዝወጸ ወጻኢታት ብበፊሕ ዝዛይድ'ዩ።

ኣብዚ መስርሕ'ዚ፡ ሊቨርፑል 415 ሚልዮን ፓውንድ ብምውጻእ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትስራዕ። ቸልሲ ብ285 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ ካልኣይ፣ ኣርሰናል ብ255 ሚልዮን ፓውንድ ሳልሳይ፣ ነውካስል ብ250 ሚልዮን ፓውንድ ራብዓይቲ፣ ማንዩናይትድ ብ216 ሚልዮን ፓውንድ ሓምሻይቲ፣ ኖቲንግሃም ብ205 ሚልዮን ፓውንድ ሻድሻይቲ፣ ቶተንሃም ብ181 ሚልዮን ፓውንድ ሻብዓይቲ፣ ሳንደርላንድ ብ162 ሚልዮን ፓውንድ ሻምናይቲ፣ ማንሲቲ ብ152 ሚልዮን ፓውንድ ታሽዓይቲ፣ ዌስትሃም ድማ ብ124 ሚልዮን ፓውንድ ዓስረይቲ። ጠቕላላ ድምር ናይ ኩለን ክለባት ድማ ዝያዳ ሰለስተ ሚልዮን ኮይኑ ንረኽቦ።




## ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ብኣውዲቕካ ምሕላፍ ይቕጽል

ብጨንፈር ኮምሽን ስፖርት ዞባ ማእከል ዝተወደበ፡ ካብ 11 ነሓሰ ጀሚሩ ዕለታዊ ክካየድ ዝቐጸለ ናይ 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ውድድር ኩዕሶ እግሪ፡ ቀዳማይን ካልኣይን ዙር ብምዝዛም፡ ብሰለስተ ክሊ ዕድመ ብደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ካብ ምድብን ብዝጥቢ ቀዳመይትን ካልኣይትን ኮይነን ናብ ርብዒ-ፍጻመ ሓሊፈን ደርከባ።

ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ባርካ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ቀዳመይቲ ኣኽርያ ካልኣይቲ ጸጸራት ኮይነን። ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ጸጸራትን ጎዳይፍን ቀዳማይን ካልኣይትን ኮይነን ካብ ምድብን ሓሊፈን።

ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ቀይሕባሕሪ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ጸጸራት፡ ካልኣይቲ ኣኽርያ ክኾና ከለዋ፡ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ደቂ-ተባዕትዮ ቀዳመይቲ ፓራዲዞ ካልኣይቲ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ትሕቲ 17 ደቂ-ተባዕትዮ ቀዳመይቲ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ካልኣይቲ በሪኽ ብምኳን ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፈን።

ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቲራቮሎን ገጀረትን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ክሓልፋ ከለዋ፡ ደቂ-ተባዕትዮ 15 ዓመት ኣቦሻውልን ኣርባዕተ ኣስመራን ተመራሪሐን። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ትሕቲ 17 ዓመት ኣርባዕተ-ኣስመራን ቲራቮሎን ድማ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፈን።

ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናይ ትሕቲ 13፡ 15ን 17 ደቂ-ተባዕትዮ፡ ገዛጥንዓን ማእከል ከተማን ሓሊፈን። ውድድራት ርብዒ-ፍጻመ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ፡ ትማሊ ሰኑይ 1 መስከረም ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ኣብ ሰለስተ ሜዳ ፈሊሙ። ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ባርካ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣኽርያ ንማእከል ከተማ 3ብ0 ሰዒራታ። ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጎዳይፍ ንገዛብንዳ 1ብ0 ሰዒራታ። በዚ መሰረት፡ ኣኽርያን ጎዳይፍን ናብ ፍርቂ-ፍጻመ ሓሊፈን።

ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ቀይሕባሕሪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውድድር ና ትሕቲ 13 ዓመት፡ ጸጸራት ምስ ጎዳይፍ 1ብ1፡ ማእከል ከተማ ምስ ፓራዲዞ 0ብ0 ተፈላልየን። እዘን ጋንታታት ጎዳሎ ሽደሽተ ጋንታ ብምኻን ከክልተ እብረ ሃንሕድሕደን ብምጽዋት ናብ ፍርቂ-ፍጻመ ክሓልፋ መደብ ተሰሪዑለን ደርኩባ።

ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ ውድድር፡ ኣቦሻውል ንዕዳጋ ሓሙስ 3ብ1፡ ፓራዲዞ ንጋሕተሊ 2ብ1 ብምስዓር፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን።



# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## መራሒ ሰ/ኮርያ በይጂን ኣትዩ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ቻይና ኣብ እተካየዶ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ምርኢት ንምስታፍ፡ ትማሊ ሰሉስ ብድርዕቲ ባቡር በይጂን ከም ዝኣተወ፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ ሓቢሩ።

ኣብቲ ሎሚ ረቡዕ ኣብ በይጂን ዝካየድ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ከም ምስ ፕረዚደንት ቻይና - ሺ ጂንፒን ከምኡ ድማ ምስ መራሒ ሩስያ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ካልኦት መራሕቲ 26 ሃገራትን ክራኸብ ትጽቢት ይግበር።

ቻይና ኣብ 2015 ወተሃደራዊ ምርኢት ኣብ ዘኣንገደትሉ እዋን፡ ፒዮንግያንግ ንሓደ ቐይ ርዮንግሃይ ዝተባህለ ካብ ላዕለዎት




ሰበ ስልጣና ናብ በይጂን ልኢኻ ምንባራ ዝጠቐሰ በበሲ፡ ከም ድሕሪ 1959 ንፈለማ እዋን ኣብ ወተሃደራዊ ምርኢት ቻይና ዝሳተፍ ዘሎ መራሒ ሰ/ኮርያ ኮይኑ ምህላዉ ጸብጺቡ።

ከም፡ ሳሕቲ እንተዘይ ኮይኑ፡ መገሻ ከዘውትር ከም ዘይርኢ ዘመልከተ በበሲ፡ ርክቡ ምስ ፑቲን ዝተደረተ ምኳኑ ኣጺሩ። ወሲኹ ድማ፡ ኩናት ሩሲያ-ዩክሬን ካብ ዝጀምር ንደሓር ምስ ፑቲን ክልተ ግዜ ተራኺቦ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ክሰርሕ ከም ዝተሰማምዐ ኣፍሊጡ።

ቻይና እትገብሮ ወተሃደራዊ ምርኢት ን70 ደቒቕ ዝቕጽል ምኳኑ ዝጠቐሰ፡ ምንጪ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ስሎቫኪያ ሮበርት ፊኮ፡ እቲ እንኮ ካብ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ ምርኢት ዝሳተፍ ብዓል ስልጣን ምኳኑ ኣረዲኡ።

ዕድመ ዝተዋዕለሎም መራሕቲ ምዕራባውያን ሃገራት ኣብቲ ምርኢት ክሳተፉ ትጽቢት ከም ዘይግበር ዘመልከተ በበሲ፡ "እዚ ከኣ በይጂንግ ምስ ጎረባብታን ካልኦት ሃገራትን ዘለዋ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ንምዕባይ ንእትገብሮ ዘላ ወሀድ ኸሲ፡ ምዕራባውያን ከም ስግኣት ክጥምትዎ ጀሚሮም ምህላዎም ዘርኢ ኣብነት'ዩ" ክብል ኣረዲኡ።

## "ህንዲ፡ ንቀረጽ ፍርያት ኣመሪካ ናብ ባዶ ክተውርዶ'ያ" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኒውደልሂ ኣብ ልዕሊ ኣቑሑት ኣመሪካ እተኽፍሎ መጠን ቀረጽ ናብ ባዶ % ክተውርዶ ምኳና ሓቢሩ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ሃገሩ ምስ ህንዲ ዘለዋ ንግዳዊ ዘይምቅዳው ናብ ዘደለ ኣንፈት ኣምሪሑ ከም ዝጸንሐ ብምጥቃስ፡ ዚ ንምትዕርራይ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ



ሓላፍነት ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ፡ "ኒውደልሂ ማእለያ ዘይብሉ ፍርያት እያ ትሸጠልና፡ እዚ ማለት፡ እታ ዝዓበየት ንግዳዊ መሻርኽታ ኣመሪካ እያ። እዚ ይኹን እምበር፡ ምስ ካልኦት ሃገራት እትገብሮ ስምምዕ ሽሙት ኣጸዋር፡ ኑቲ ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ዝምድና ብኣሉታ ክጸልዎ ጸኒሑ'ዩ" ክብል ኣረዲኡ።

ኣስዒቡ ድማ፡ "እዚ ዘመልከቶ እንተ ሃልዩ፡ ዝምድና ኣመሪካ ምስ ህንዲ ኣብ ሓደ ወገን ዝተሰረተ ምኳኑ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኣመሪካ ምስ ህንዲ ዘለዋ ንግዳዊ ዘይምቅዳው ንምፍታሕ ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ህንዲ፡ ኑቲ ብትራምፕ ዝተዋህበ መግለጺ ኣመልኪታ ዝሃበቶ ርእይቶ ይኹን ግብረ መልሲ የለን።

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ፍርያት ህንዲ ናይ 50% ቀረጽ ከም ዝሰልዐ ይዝከር።

ኣመሪካ ምስ መሻርኽታ ትፈጥሮ ዘላ ንግዳዊ ምትፍናን፡ እተን ሃገራት ምስ'ተን ቀንዲ መቀናቕንታ ዝኾና ቻይናን ሩስያን ንምውጋን ዝደርኽ ጌጋ ስትራተጂያዊ ፖሊሲ ምኳኑ፡ ምስቲ ከበቢ ቅርበት ዘለዎም ወገናት የረድኡ።

## ቬነዝዌላ፡ ንወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኣመሪካ ተጠንቀቕ

ፕረዚደንት ቬነዝዌላ ኒኮላስ ማዱሮ፡ ኣመሪካ ኣብ ዞባ ካሪብያን እትድኮና ዘላ ወተሃደራዊ ሰፈራታት፡ ዕላማኡ ኑቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ንምውዳቕ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ካብ ሓይልታት ኣመሪካ ዝኾነ መጥቃዕቲ ምስ ዝወርዶ ተረር ግብረ መልሲ ክህቡ ድሉው ምህላዉ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዘስምዐ ዘሎ፡ ኣመሪካ ናብ ደቡብ ካሪብያን 1200 ሚሳይላት ዝተዋደደለን ሸሞንተ ወተሃደራውያን መራኽበን ሓንቲ ሳብ ማሪንን ከም ዝለኣኸት ዝገልጽ ሓበሬታ ድሕሪ ምርካብ እዩ።

ማዱሮ ዝሓለፈ ሰኑይ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ቬነዝዌላ ሰላም'ያ ትደሊ። እንተ ኾይኑ ኣመሪካ ተኾታትሉ ንጥፈታት ብምኽያድ ንቬነዝዌላ ናብ ኩናት ንምሽማም ትጽዕር ኣላ"፡ ክብል ገሊጹ ነይሩ። ኣስዒቡ ድማ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ሃዋህው፡ ሃገሩ ኑቲ ብኣመሪካ ዝወሰድ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ዓጸፋ ግብረ መልሲ ከም ትህቡ ኣገንዚቡ ነይሩ።

"ዋሽንግቶን፡ ወተሃደራዊ ምትእትታው ብምግባር ኣብ ቬነዝዌላ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምቕያር ትጽዕር ኣላ" ዝበለ ማዱሮ፡ ሃገሩ ዝ ኣብ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ኣጋጢሙዋ ከም ዘይፈልጥ ዝገለጾ ከቢድ ሓደጋ ብትብዓት ትገጥሞ ምህላዋ ኣረዲኡ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ብጉዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ኣመሶሚሱ ኣብ ቬነዝዌላ ወተሃደራዊ ምትእትታው ንምግባር ይሰርሕ ምህላው፡ ምስቲ ከበቢ ቅርበት ዘለዎም ተዓዘብቲ የመልክቱ።



ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ "ማዱሮ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ምስ ዝርከቡ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ዝጠምዱ ጉጅለን ካልኦት ገበነኛታትን ጥቡቕ ርክብ ኣለዎ" ክብል ምኽሱሱ ኣይርሳዕን።

በዚ ድማ፡ ኑቲ ፕረዚደንት ንዝተሓዘ ዝኾነ ይኹን ኣካል 50 ሚልዮን ዶላር ግንያ ክወሃቦ ምኳኑ'ዩ ምምሕዳር ትራምፕ ዝገልጽ ዘሎ።

## በልጅዩም፡ ንፍልስጤም ኣፍልጦ ክትህባ ወሲና



በልጂዩም፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፡ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ክትህብ ምኳና፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር ማክሰም ፕረቮት ኣፍሊጡ።

ፕረቮት ትማሊ ሰሉስ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤክስ ኣብ ዘስፈሮ ጽሑፍ፡ በልጂዩም ብጉዳይ ኀጠጣ ምዕራባዊ ገማግም ምስፍሕፋሕ ዘይሕጋዊ ሰፈራታትን ካልእን ኣብ ልዕሊ እስራኤል 12 እገዳታት ከም እተንብር ኣረዲኡ።

እስራኤል ኣብ ፍልስጤም ብሓፈሻ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ድማ ብፍላይ ትፍጽሞ ዘላ ህልቂት ደው ክተብሎ ንዝተዋህባ ጻውዒት ዕሽሽ ኢላቶ ከም ዝጸንሐት ዝጠቐሱ ሰበ ስልጣን በልጂዩም፡ በዚ ምኽንያት በልጂዩም ኑቲ ስጉምቲ ትወስዶ ከም ዘላ፡ ትማሊ ሰሉስ ንመርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣመልኪቶም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በልጂዩም ባርት ደ ዌቨር ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን ዝርከብዎም መራሕቲ፡ ኣብ ዝመጽእ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ንምሃብ ብዕቱብ ክድፈኡሉ ክጸውዑ ምጽንሖም ኣይርሳዕን።

ደሮ ድማ ሰዑዲ ዓረብ፡ ካናዳ፡ ብሪጣንያ፡ ኣውስትራልያን ካልኦት ብርክት ዝበላ ሃገራትን፡ ኣብቲ 22 መስከረም ዝካየድ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ንምሃብ ተዳልየን ምህላወን፡ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን. ሓቢሩ።

ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ንምሃብ ንዝቐርብ ዘሎ እማመታትን ውሳኔታትን ብትሪ ክቃወሞ ዝጸንሐ ዘሎ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ብወገኑ፡ "ፈረንሳ እትመርሖ ዘላ ንፍልስጤም ከም ሃገር ኣፍልጦ ናይ ምሃብ መደብ፡ ንፕሮፓጋንዳ ሓማስ ጥራይ ዘገልግል ዕቱብነት ዝጎደሎ ውሳኔ" ክብል ነቒፉዎ።

## ሱዳን - መሬት ብምህማሙ ልዕሊ 1,000 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምዕራብ ሱዳን ከባቢ ኣኽራናት ማራ ኣብ እትርከብ ሓንቲ ቑሸት ብዘጋጠመ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ብውሑዱ 1000 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ኑቲ ከባቢ ተቖጻጺሩ ዘሎ ዕጡቓት ብምጥቃስ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን. ሓቢሩ።

እቲ ምህማም መሬት፡ ድሕሪ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ንመዓልታት ዝቐጸለ ብርቱዕ ዝናብ እዩ ክስዕብ ክኢሉ።

በዚ ምኽንያት ድማ፡ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላት ረድኤትን ጉዳያት ንምሕጋዝ ቅልጡፍ ሰብኣዊ ሓገዝ ክገብሩ፡ ኑቲ ከባቢ ተቖጻጺሩ ዘርከብ ብሰራዊት ሓርነት ሱዳን ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ጸዊዑ ኣሎ።

ህጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም ግዳያት ብዙሓት ኣብ ትሕቲ ጭቃ ተደቢዮም ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ዝገለጸ መራሒ ናይቲ ምንቅስቓስ ዓብደልዋሂድ መሓመድ ኑር፡ በዚ ምኽንያት ቀጽሪ ምውታት ክዛይድ ከም ዝኽእል ተሰኪፉ ምህላዉ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብቲ ከባቢ ብዘሎ ብርቱዕ ክረምቲ ዝናብ ብቐጻሊ ክዘርም ስለ ዝኸኣለ፡ ነብርቲ ናይ'ታ ቑሸት ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ኣዘኻኺሩ።

ብሰንኪ ኣብ መንጎ ሰራዊት ሱዳንን ሓይልታት ቅልጡፍ ምላሽን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ሃዲሞም ኣብ ኣኽራናት ማራ ተዓቑቦም ዝጸንሑ ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ፡ መሰረታውያን ነገራት ክረኽቡ ተጸጊሞም ምህላዎም ሮይተርስ ገሊጹ።

ብሰንኪ'ቲ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝቐጸለ ኩናት ሓድሕድ ሱዳን፡ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ከቢድ ቅልውላው ወዲቑ ምህላዉ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ነቲ ኣብቲ ኣጋጢሙዎም ዘሎ ጥሜት ንምንጋፍ ደገፍ ማሕበረ ሰብ ዓለም ኣገዳሲ ምኳኑ ኣገንዚቦም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 03/09/2025 | ጎደና ሰላም ቁ. ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services